# ንድኽነት ዝጠመቱ ግልጋሎታት ኣብ ኢትዮጵያ

## ቅጥዒ መተኣኻኽቢ ሪኢቶ ዜጋታት
## (ፈላማይ መፅናዕቲ)

ብፓኔ ኢትዮጵያ ዝተሰናደአ

ኣዲስ ኣበባ
ሐምለ 1998 ዓ.ም

ገፅ

1. መእተዊ - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - 3
2. ሓፈሻዊ ኲነታት ማሕበራውን ስነ ማሕበራውን ኣብዚ መፅናዕቲ ዝተኻተቱ ስድራታት - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - 18
3. ኣብቶም ፖሊሲታታ ዝቐርቡ ሓበርቲ ሓሳባት - - - - - - - - - - - 20
4. ግልጋሎታትን ክልላትን ብኸመይ ይምዘና ? - - - - - - - - - - - - 28
5. ሰደቓታት - - - - - - - - - - - - - - - - -- - - - - - - - - - - - - 31

## <u>መ እ ተ ዊ</u>፣-

እዚ ፀብፃብ ኣብ ኢትዮጵያ ኣገደስትን ወሰንትን ዝኾኑ ቀረባት ወሃብቲ ግልጋሎታት ኣመልኪቱ ሕ/ሰብ ዘለዎ ሪኢቶን ተሞክሮን ዝገልፅ ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ። እዚ መፅናዕቲ ብቀንዱ ዘተኩር ኣብ ሪኢቶ ተጠቀምቲ ህዝባዊ ግልጋሎታት ብምኻኑ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ዜጋታት ዕድል ግልጋሎት ኣብ ዝረኽበሉን ነዚኦም ኣብ ዝጥቀምሉን እዋን ዘለዎም ሪኢቶን ተሞክሮን ብዝርዝር ዝሓዘ እዩ።

ኣብዚ ጥንቃቐ ዘድልዮን ግልፂ ክኸውን ዝግበኦን ጉዳይ ቀንዲ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ዝተረኣዩ ጉዶሎታት መሰረት ገይርካ ኣብ ልዕሊ ካልእ ንምፍራድ ወይ ድማ ኣብ ኣዋህባ ግልጋሎታት ቅርታ ንምቕራብ ኣይኮነን።

እዚ መፅናዕቲ ብቀንዱ ዘተኩር ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ናብ ተጠምቲ ብምብታንን ካልኦት ሜላታት ብምጥቃምን ኣብ ወሃብቲ ህዝባዊ ግልጋሎታት ዝረኣዩ ጉዶሎታትን መንቀሊኦምን ነቑስካ ንምውፃእን ንምፍላጥን ኣዝዩ ዝጠቅም ምኳኑ ተፈሊጡ ትካላት ወሃብቲ ግልጋሎታታ ነዚ ሜላ እዚ ተጠቒመን ዝርገሓን ፅፈትን ግልጋሎተን ንምምሕያሽ ዝገብረኦ ፃዕሪ ንምሕጋዝ እዩ።

ኢትዮጵየ ዝተፈላለዩ ምምሕያሻት ፖሊሲ እናተግበረት ኣብ ዘለትሉ ኣብዚ እዋን ነዚ ፀብፃብ ዝኣመሰሉ መፅናዕትታት ዝህብዎ ሓበርቲ ሓሳባት ተጠቒሙ መንግስቲ ምስቲ ተጠቃማይ ሕ/ሰብ ብቐረባ ተራኺቡ ክሰርሕን ኣብ ሓባራዊ ፀገም ሓባራዊ ፍታሕ ንምሃብ ክኽእልን ኩነታት ዝፈጥር እዩ።

ብዘይካ እዚ ውፅኢት እዚ መፅናዕትን ሓበርቲ ፖሊሲን 2ይ መደብ ዘላቒ ልምዓትን ምንካይ ድኽነትን ብዝግባእ ንምትግባር ጠቐምቲ ክኾኑ ከምዝኽእሉን ከይዲ መደብ ዘላቒ ልምዓትን ምንካይ ድኽነትን ንምፍላጥ ኣብ ምሕጋዝ ዝሓሸ መብርሂ ከምዝህብ ፓኔ ይኣምን።

ዓመታዊ ፀብፃብ ከይዲ ትግባረ /APR/ ዝተሓንፀፀ ብቀንዱ ብመንፅር ወሃብቲ ግልጋሎታት ዘለው ቁልፊ ዝኾኑ ሓበርቲ ጉዳያት ተጠቒምካ ተግባራዊ ከይድታት ብመሰረት ዝወፀ ትልሚ ግዘ ይኸዱ ምህላዎም መሰረት ብምግባር ዝተቐመጠ ሸቶታት ንምዕዋትን ኣብቲ ከይዲ ዘለው ሕርኽራኻት ንምንፃርን እዩ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ብመንፅር እቲ ተጠቃማይ ክራኣዩ ዝግበኦም ካልኦት ሓበሬታታት ድማ ሕ/ሰብ ብዘሳትፍ መልክዑ ኣብ ተግባር ምሽራፍ፣ድኽነት ንምንካይ ዝተሓንፀፁ ሜላታትን መመሓየሺታትን ዝነበሮም እጃም ኮነ ዝርገሐ ንምፍላጥ እንርእየሉ ኣንፈታት ብዝምልከት ዘሎ ግንዛበን ተቐባልነትን እናዓበየ መፂኡ ኣሎ።

እምበኣርከስ ኣብዚ ከይዲ እዚ እዩ ከም ቅጥዕታት መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ዝኣመሰሉ ሜላታት ኣብ ከይዲ ኣዋህባ ግልጋሎት ዝተደረኹ፣ተኸታተልቲ ዝኾኑ፣ብቑፅሪ ዘይግለፁን ዝግለፁን ውፅኢታት መፅናዕቲ ንምውፃእ የኽእሉ እዮም ዝብል እምነት ዘሎ።

ስለዝኾነ እዚ መፅናዕቲ ተቐባልነት ንዘለዎም ከይድታትን ሜላታት መፅናዕትን ተጠቒሞም ንዝተረኸቡ ውፅኢታት ከምዝድግፍ ብዘተኣማምን መልክዑ ምዝራብ ይከኣል።

ብተወሳኺ ድማ እዚ መፅናዕቲ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ህዝቢ ብምጥቃም ተጠቀምቲ እቶም ግልጋሎታት ዝሃብዎ ሪኢቶ መሰረት ገይሩ ዝተሓተመ ስለዝኾነ ደረጃ ፅፈት ወሃብቲ ግልጋሎት ንምምዛን ዘኽእል መበገሲ ሓሳብ ብምኳን ከገልግል ብምኽኣሉ ፓኔ ተመሳሳሊ መፅናዕትታት ብቐፃልነት ንምክያድ ዝለዓለ ድልየት ኣለዎ።

ፓኔ ነዙይ እንትገብር ኣብ ቀፃላይ መደብ ምንካይ ድኽነትን ምዕባለን ዝሓሸ ፃዕሪ ኣብ ዝግበረሉ ኣብዚ እዋን ጭቡጥን ሪኢቶ ተጠቀምቲ መሰረት ብምግባርን ዝእጃሙ ከምዝፍፅም ብምእማን እዩ።

ኣብ መወዳእታ መደብ ልምዓት ውድብ ሕብረት መንግስታትን /UNDP/ ኣክሽን ኤይድ ኢትዮጵያን እዚ መፅናዕቲ ዕውት ክኸውን ንዝሃብዎ ገንዘባውን ቴክኒካውን ሓገዝ ፓኔ ካብ ልቢ ዝነቐለ ምስጋንኡ እናቕረበ ኣባላት ፓኔ ንዝኾኑን እዚ መፅናዕቲ ክውን ክኸውን ቀጥታኣውን ዘይቀጥታኣውን ዝኾነ ድጋፎም ንዝሃቡን ኩሎም ከመስግን ይደሊ።

ብዘይካ እዚ መፅናዕቲ ክውን ክኸውን ስራሕቲ ስልጠናን መፅናዕትን ንዝሰረሐ ኣብ ህንዲ ንዝርከብ ንፐብሊክ ኦፌሰርስ ፋውንዴሽን ፓኔ ዝለዓለን ዝኸበረን ምስጋንኡ ይገልፅ።

**እሸቱ በቀለ**
**ኤግዝኩቲቭ ዳይሬክተር**

**<u>መ እ ተ ዊ ፤-</u>**

## <u>ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት እንታይ ማለት እዩ ?</u>

ዕግበት ተጠቀምቲ ግልጋሎታት ንምፍላጥ ዝዝርጋሕ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ብቐሊሉ ዝትግበር ኮይኑ ተጠቀምቲ እተን ግልጋሎት ኣብ ልዕሊ እተን ትካላት ዘለዎም ሃናፃይ ዝኾነ ሪኢቶ ንምትእኽኻብ ዘኽእል እኹል ዓቕሚ ዘለዎ ሜላ እዩ። እዚ ሜላ ምስ መርኣያ ዳህሳስ ተጠሚሩ ኣብ ምጥቃም ግልጋሎታት ዝለዓለ ግንዛበ ዘለዎም ተጠምቲ ንዝህብዎ ሪኢቶ ዝዕዘብ እንትኾን እቶም ወሃብቲ ግልጋሎት'ውን ድኹምን ድልድሉን ጐንታቶም ንምስትውዓል የኽእሎም።

እቲ ቅጥዒ ወሃብቲ ግልጋሎታት ይኹኑ ተጠቀምቲ ኣብ ስራሕ ዝውዓለ መመሓየሺ ግልጋሎት ዘለዎ ዝርገሓን ዘምፅኦ ረብሓን ብምድህሳስ ጭቡጥ ዝኾነ መረዳእታ ንኽርከብ ዘኽእል እዩ። ብፍላይ ድማ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ኣብ ትሑት መነባብሮ ዝርከቡ እኹል ግልጋሎት ዘይረኽቡን ክፉላት ሕ/ሰብ ተጠቀምቲ እቲ ግልጋሎት ንምኳን ኣብ ዝፍትንሉ አዋን ዘጋጥሞም ማሕለኻ ካብ ምንፃሩ ብተወሳኺ ኣብ ፅሬት እቲ ግልጋሎት ስራሕተኛታት እተን ትካላት ዘለዎም ውፅኢታውነት 'ውን ንምፍላይ የኽእል።

በዚ መንገዲ ዝርከቡ ሪኢቶታት ኣብ ተግባር ዝወዓሉን ንቐፃሊ ዝተሓሰቡን ፖሊሲታትን መርሃ ግብርታትን ዘሎ ኣዋህባ ግልጋሎትን ምምሕዳራውን ፀገማት ብዝግባእ ተረዲኦም ኣድላዪ ዘበለ ምኽርን ሪኢቶን ብምሃብ ዝረኣዩ ፀገማት ዝርገሓን ፅፈትን እቲ ግልጋሎት ንምምሕያሽ ይሕግዙ።

ብዘይካ እዚ ሜላ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ኣብ ረብሓ እቲ ሕ/ሰብ ዝለዓለ ግደ ዘለዎም ግልጋሎታታ ወይ ድማ ጠለባት ተጠቀምቲ ንዝኾኑ ዜጋታት ማዕረ ዕድል ዝህበሉ ባይታ ብምጥቃምን መፅናዕቲ ብምክያድን እንትኾን፣ነቲ መፅናዕቲ ዝሕረዩ ተጠቀምቲ ዘቕረብዎም ሪኢቶታት ተደሚሮም ደረጃ እቲ ግልጋሎት ንምውሳን እዩ።

ካብ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ዝርከብ ሓሳብ ኣብ ዝተፈላለዩ መርሃ ግብርታት ዝረኣዩ ፀገማት ናብ ሓባራዊ ጉዳያት ንምልዋጥ ዝሕግዝ እንትኾን ኣብ ቀንዲ ፀገማት ትኹረት ብምግባር መመሓየሺታትን ስጉምትታትን ንምውሳድ የኽእል።

ብዘይካ እዚ ኣዎንታዊ ተሞኩሮታት መሰረት ብምግባር ብኣጠቓላሊ ሓደ ዝኾነ ኣተሓሳስባን ሜላ ኣፈታትሓ ፀገማትን ክጉልብት ዝሕግዝ'ዩ ሜላ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት።

እዚ ሜላ እዚ ደረጃ ፅፈት ወሃብቲ ግልጋሎታታ ንምውሳን ዘኽእል ብምኳኑ ነብሲ ወከፍ ተጠቃማይ ካብ ዘጋጥምዎ ፀገማት ሓሊፉ ካልእ መገዲ

ውን ክእልሽ ስለዝሕግዝ ኣብ ልዕሊ እቲ ተጠቃማይ ዝረአ ዝተዛበዐ ኩነታት ብኣንፃር ካልኦት መሓውር ግልጋሎታትን ንኡሳት ክፍልታትን ብምንፅፃርን ብምምዝዛንን ስልታዊ ዝኾነ ጥቕሉል መፍትሒ ምምሕያሽ ግልጋሎታት ንምሕንፃፅ ዘኽእል እዩ።

ሜላ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት፣ ተጠቀምቲ እቶም ግልጋሎታት ዘለዎም ዕግበትን ቅርታን ካብ ምሕባር ሓሊፉ ዘለዎም ሪኢቶ ብቐሊሉን ብዘየማትእ መልክዑን ንምፍላጥ ዘኽእል እዩ። እዚ ሜላ ዜጋታት ዘለዎም ሓፈሻዊ ትዕዝብቲ ንምቕራብ ካብ ምኽኣሉ ብተወሳኺ ኣብ ኣዋህባ እቲ ግልጋሎት ዘለዎም ግንዛበ ንምፍላጥ ውን የኽእል።

ንኣብነት ሓደ ተጠቃማይ ዜጋ ኣብ ኣዋህባ ግልጋሎት ዝስተ ማይ ዝህቦ ኣዝዩ ኣገዳሲን ግልፅን ዝኾነ ሪኢቶ እቲ ተጠቃሚ በቲ ግልጋሎት ሙሉእ ንሙሉእ ንምዕጋቡ ዝፍለጥ በቲ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ እዩ። እቲ ተጠቃሚ ዝሃቦ ሪኢቶ ሓቂ ምኳኑ ንምርግጋፅ ባዕሉ እቲ ወሃቢ ሪኢቶ ብዛዕባ ካልእ መልክዕ እቲ ግልጋሎት ዘለዎ ሪኢቶ ውነ ንምቕራብ የኽእል። ንኣብነት ሪኢቶ ሓደ ተጠቃማይ ግልጋሎት መጠን ቀረብ ማይ ካብ ዕሬቱ ብዝበለፀ ዝኸፈኣ ገይሩ ክግምገም ይኽእል እዩ። ካብዚ ዝተበገሰ ዋላ ኳ ዕሬት ቀረብ ማይ ብዘየምህላው ሙሉእ ንሙሉእ ኣይዓገብኩን ኢሉ ሪኢቶ ንምሃብ ምኽንያት እንተኾነ ነቲ ፀገም ንምትራፍ መጠን ማይ እኹል ክኸውን ምግባር ፈላማይ ስጉምቲ ምምሕያሽ ይኸውን ማለት እዩ።

ካብቲ ቅድም ኢሉ ዝቐረበ ኣብነት ምርዳእ ዝከኣል ብሜላ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ዝርከብ ሓሳብ ንበይኑ ኣብ ሓደ ወሃባይ ግልጋሎት ዘሎ ዕግበት ተጠቀምቲ ዝልካዕ ብዝወሃብ ሪኢቶ ዘይኮነስ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ዝተወሃቡ ሪኢቶታት ኣብ ግምት ብምእታው እዩ። እዚ ድማ ሓደ መርኣያ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት እዩ።

ብዘይካ እዚ እቲ ሜላ ደረጃ ዕግበት ተጠቀምቲ ግልጋሎታት ኣብ ምልካዕ ክይተወሰነ ኣብ ሞንጐ ትካላት ወሃብቲ ግልጋሎታትን ተጠቀምትን ዘሎ ርክብን መልክዕን ንምርዳእ የኽእል። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ሞንጐ ወሃብቲ ግልጋሎትን ተጠቀምትን ዝፍጠሩን ትኹረት ክረኽቡ ዝግበኦምን ዛዕባታት ነጺሩ ንምውፃእ የኽእል።

ካብቲ ዝተኣከበ ቅጥዒ ንምርዳእ ከምዝከኣል ተጠቀምቲ በቶም ግልጋሎታት ዘይዓግብሉ ምስ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብምትሕሓዝ እዩ።

ሀ. ተጠቀምቲ ኣብ ዕሬት እቲ ግልጋሎት ዘዎም መጠን ዕግበት ንምልካዕ/ንኣብነት/ ዘተኣማምን ቀረብ ማይ ዘየምህላው ምስ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ እኹል መፃሕፍቲ ዝተማለአ ምኳኑ ፣

ለ. ተጠቀምቲ ኣብ ከይዲ ኣዋህባ ግልጋሎት ዘለው ፀገማት ምስተን ትካላት ብምዝታይ ነቲ ፀገም ንምፍታሕ ፃዕሪ ኣብ ዝገብርሉ እዋን ዘጋጥሞም ኣፀጋሚ ኩነታት፣

ሐ. ደረጃ ፅሬት እቶም ወሃብቲ ግልጋሎት ንምዕባይ/ንኣብነት መምህራን ንምልዕዓል ዝግበር ተወሳኺ ክፍሊት ፅሬት ዝስተ ማይ ንምምላእ ተባሂሉ ምስ ዝግበር ኢንቨስትመንት ከነፃርዎ ይኽእሉ።

ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ዝዝርጋሕ ኣብ ከይዲ ኣዋህባ ግልጋሎታት ዘለው ፀገማት ንምፍታሕ ኮይኑ ብዛዕባ ኣዋህባ ግልጋሎት ካብ ተጠቀምቲ መረዳእታ ንምርካብ ኣብ ዝተፈላለየ መልክዕ እቶም ግልጋሎታት ዳህሳስ ብምክያድ እዩ።

ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ሪኢቶታት ንምእካብ ጥራሕ ተገይሩ ክውሰድ የብሉን። የግዳስ እዚ መፅናዕቲ ዜጋታታ እዛ ሃገር ብውልቀ ኮነ ብሓባር እዋናዊ ፀገማቶም ንምፍታሕ ኣብ ዝደልይሉ እዋን ዝተፈላለዩ ኣማራፅታታ ንምፍታሽ ስለዘኽኣሎ ውን እዩ። /ንኣብነት ተጠቀምቲ ግልጋሎታት ዝኾኑ ዜጋታት ተወሳኺ ክፍሊት ንምኽፋል ቅሩባት ድዮም ኣይኮኑን? ዝብሉ ሕቶታት ብምቕራብ ንምርግጋፅ/። ስለዝኾነ እዚ ሜላ ዜጋታት ደረጃ ኣዋህባ ህዝባዊ ግልጋሎታት ንምምሕያሽ ዘለው ኣማራፅታት ብዝግባእ ፈልዮም ንክፈልጡ ይሕግዞም።

እቲ ካልእ ረብሕኡ ሜላ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት መሰረት ገይሮም ዝካየዱ መፅናዕትታት ዘለዎም ልዑል ተኣማምነት እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ እቶም መፅናዕትታት ሓደ ኣንፈት ጥራሕ ካብ ዝሓስቡን ቅርታ ዘለዎም ውሑዳት ሰባት ካብ ዝህብዎ ሪኢቶን ጥራሕ ተበጊሱ መዛዘሚ ሓሳባት ዘየቕርብ ምኳኑ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ማዕረ ዕድል ዝህብን ሜላ ናሙና ዝኽተልን ብምኳኑ ናብ ሓደ ከይወገነ ንፅጉባትን ዘይፅጉባትን ኣማእኺሉ ዝተፈላለዩ ኣራእያታት ስለዘተኣናግድ በዚ ሜላ እዚ ዝቐርብ መፅናዕቲ ዘተኣማምንን ኩሉ መዳያዊውን ሓሳባት ዘቕርብ ብምኳኑ ዝበለፀ ተመራፅን ዘየማትእን ይገብሮ።

## ብሓፂሩ ብመልክዕ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ፣-

ሀ. ንድኻ ማእኸል ዝገበሩ ወሃብቲ ግልጋሎታት ክንደየናይ ዝኣክል ተጠቃማይ ከምዝገብሩ ንምፍላጥ

ለ. ኣብ ሞንጎ ወሃብቲ ግልጋሎትን ድልየት ተጠቀምትን ዘሎ ኣፈላላይ ንምፍላጥ፣እቶም ግልጋሎታት ኣንፈቶም ሲሒቶም ብኸመይ ነቲ ተጠቃማይ ገዲፎም ናብቲ ካልእ ክፋል ከምዘዘንበሉ /ንኣብነት ኣብ ክንዲ ነቲ ድኻ ነቲ ሃፍታም ተወሳኺ ግልጋሎት ምሃብ ከምዝጀመሩ/ ንምፍላጥ ዘኽእል ኣንፈት ይንፅር ሜላ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት።

ብኻልእ መዳዩ ድማ ድኻ ዝኾነ ክፋል ሕ/ሰብ ካብቶም ወሃብቲ ግልጋሎታት ክርኽቦም ንዝግባእ ዕድላቱ ዝዓግትዎ ማሕለኻታት ንምፍላጥ ካብ ምኽኣሉ ብተወሳኺ ተጠቀምቲ ነቶም ግልጋሎታት ንምርካብ የኽእሉ እዮም ዝብልዎም መፍትሒ ሓሳባት ብምትእኽኻብ በዚ መልክዕ ነቶም ፀገማት ንምፍታሕን ኣንፈታት ንምሕባርን የኽእሉ። ብዘይካ እዚ ብደረጃ ንድፊ ሓሳብ ዝተኻየዱ መፅናዕትታትን ዝተረኽቡ መደምደምታታትን ክንደየናይ ዝኣክል ሓቅነትን ጭቡጥነትን ከምዘለዎም ንምርግጋፅ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ።

ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ንውዳበታት ማሕበራት ሓፋሽ ዘለዎ ረብሓ እንትረኣ ነዚ ሜላ ተጠቒመም ዝተፈላለዩ ሪኢቶታት ብምትእኽኻብ ኣብ ከይዲ ምሕንፃፅ ፖሊሲ ብንቕሓት ንኽሳተፉን ምስ ሓንፀፅቲ ፖሊሲ ዝኾኑ ኣካላት መንግስቲ ብሓባር ኮይኖም ልምዲ ምኽክርን ተግባርን ንከኻፅብቱን ይሕግዞም። ብዘይካ እዚ ማሕበራት ሓፋሽ ክብ ውልቀ ሪኢቶኣን ወይ ድማ ኣመለኻኽተኣነ ዝተበገሰ ንፖሊሲታት ትኹረት ኣብ ክንዲ ምግባር ኣበ ሓቀኛን ጭቡጥን ኣሃዝ መሰረት ኣብ ዝገበሩ ፖሊሲታት ንኽተኩራ ዘኽእል ዕጥቂ ክህልዎን ይሕግዝ።

ብኻልእ መዳይ እተን ማሕበራት ስራሕተን ንክፍትሻ ካብ ምኽኣሉ ብተወሳኺ ኣብ ሓቂ ዝተደረኽን ሕ/ሰብ ክወስዶም ዝግባእ ስጉምትታትን ብዝምልከት መፍትሒ ሓሳብ ከቕርባን የኽእለን።

## <u>መርበብ ምክልኻል ድኽነት ኣብ ኢትዮጵያ/ፓኔ</u>

ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ፈተነ መፅናዕቲ ኮይኑ ብፓኔ ካብ ዝተሳለጡ ስራሕቲ ቀዳምነት ዝወሃቦ ዓዕሪ እዩ። ፓኔ ዝተብሃለ ዘይመንግስታዊ ትካል ኣብ ከይዲ ምሕንፃፅ ዝተፈላለዩ ፖሊሲታት ፅዕንቶ ብምፍጣር ድኽነት ንምንካይ ንዝንቀሳቐሱ ትካላት ሓጋዚይ እዩ። ፓኔ ኣብ ልዕሊ ፖሊሲታት መንግስቲ ፅዕንቶ ንምግባር ዘቕርቦም ሪኢቶታትን ሓሳባትን ክካተቱ ዝተፈላለዩ ምርምራት ብምክያድ፣ኣብ ልዕሊ ፖሊሲታታ ትንታነ ብምቕራብ፣ስራሕቲ ምብርባርን ምልውዋጥ መረዳእታ ብምክያድን ዝፅዕር እዩ። ብግልፂ ዝተቐመጠ ራእይ ፓኔ ከምዘመላኽቶ ድኽነት ካብ መላእ ኢትዮጵያ ምጥፋእን ዜጋታት እዛ ሃገር ኽብሮምን ናፅነቶምን ተሓልዩ እንትነብሩ ምርኣይን እዩ።

ልእኽቶ ፓኔ መሰል ዜጋታት ምኽባሩ ከም መሳርሒ ብምጥቃም ዓቕሚ ዜጋታት ምዕባይ፣ ፖሊሲ ኣብ ዝሕንፀፀሉ፣ኣብ ዝትግበረሉን ክትትልን ግምገማን ኣብ ዝግበረሉን መስርሕ ዜጋታት እዛ ሃገር እኹልን ዝረኣን ተሳትፎ ክህልዎም ምግባር፣ድምፂ ድኻ ክፋል ሕ/ሰብ ናብ ወሃብቲ ውሳነ ምቕራብ፣ማሕበራት ሓፋሽ ክቀራረቡ፣እዞም ማሕበራት፣መንግስትን ትካላት ወሃብቲ ሓገዝን በቲ ድኻ ሕ/ሰብ ተሓታቲ ምግባር እዩ።

ፓኔ ነቲ ድኻ ክፋል ሕ/ሰብ ዝድግፉ ፖሊሲታት ልምዓት ተሓንፂያም ክወፁ ንምግባር ስራሕቲ ምብርባር ካብ ምክያድሓሊፉ ንማሕበራት ሓፋሽ ብምብርባር ኣብ ከይዲ ምሕንፃፅን ትግባረን ፖሊሲ ብዝግባእ ክሳተፉ ምግባር፣ኣካል ማሕበራት ሓፋሽ ዝኾኑ ትካላትን ካብ ስራሕቲ ልምዓት ዝተገለሉ ከባቢያዊ ማሕበራትን/ንዕኦም ዝድግፉን ዝካትዑን ኣካላት/ንምጥንኻር ኢሉ'ውን ኣብ ከይዲ ምሕንፃፅ ፖሊሲታት ክሳተፉን ብቐጥታ ድምፆም ከስምዑን፣ኣብ ትሑት ብርኪ ዝርከባ ከባቢያዊ ትካላት ምስ ኣብበቢብርኩ ዘለዋ ማሕበራት ዘላቒ ዝኾነ ርክብ ክፈጥራን ንምሕጋዝ ይደሊ።

ፓኔ ብዙሕ ዝዓይነቶም ማሕበራት ሓፋሽ፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተፈጥሩ ማሕበራት ሞያ፣ትካላት ምርምር፣ሃይማኖታዊ ትካላት.... ወዘተ ኣባል ገይሩ ዝሓቖፈ እንትኾን ካብዚኦም ብተወሳኺ ቀንዲ ዕላመኦም ኣብ ትሑት ብርኪ ንዝርከብ ሕ/ሰብ ብምትሕብባር ተሳትፎ ህዝቢ ንክዓቢ ዝገብራን ኣብ ኩለን ክልላት ንዝርከባን ጨንፈራት ዘጠቓልል ትካል እዩ።

ዝተፈላለዩ ኣባል ትካላት ፓኔ ኣብቲ ምንቅስቓስ ብቐጥታ ንዝሳተፉ ነብሲ ወፎም ኣብ 3ተ ቀንዲ ትኹረታት ማእኸል ገይሮም ኣብ ዝተጣየሹ 3ተ ጉጅለታት ኣብ ሓዲኡ ንክሳተፉ እዩ ትኹረት ዝገብር። 3ቲኦም ማእኸላይ ጉጅለታት ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1ይ ጉጅለ ምርምርን ዝርርብን ፖሊሲ፣
2ይ ጉጅለ ዕብየት ሕ/ሰብን ግምገማ፣ክትትልን ትግበራን፣
3ይ ጉጅለ መሓውርን ምብርባርን ህንፀት ዓቕሚ እዮም።

ውክልና ኣባል ትካላት ዘለዎ ጠቕላላ ጉባኤ ፓኔ ላዕለዋይ ወሃቢ ውሳነ እቲ ትካል እንትኾን ቦርድ ኣፈፃሚ ስራሕ ዝመርፅን ምንቅስቓስ እቲ ቦርድ ዝቆፃፀርን ላዕለዋይ ኣካል እዩ። ቦርድ ኣፈፃሚ ስራሕ ብወገኑ ንምንቅስቓስ መሓውር ጠቕላላ እቲ ሴክሬተራት ይከታተል። ሴክሬተርያት ፓኔ ድማ ዕለታዊ ተግባራት እቲ መሓውር የሳልጥ።

ፓኔ ዝተጣየሸ ኣብ 2001 ዓ.ም.ፈ. ዝተሓንፀፀ መደብ ምንካይ ድኽነት ብፍላይ ድማ ፖሊሲ ዘላቒ ልምዓትን ምንካይ ድኽነትን ክዕወት እዋናዊ ምላሽ ንምሃብ እዩ። እቲ ፖሊሲ ተሓንፂፁ ኣብ ተግባር እንትውዕል ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ማሕበራት ሓፋሽ ኣብ ምሕንፃፁ ቁልፊ ግደ ክህልዎም ኣብቲ እዋን ሓዱሽ ባይታ ፈጢሩሎም እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣብቲ እዋን ውዳበ ሰብ ሞያ ተጣይሹ እቶም ሰብ ሞያ ኣብ ልዕሊ እቲ ስትራቴጂ ዘለዎም ሪኢቶ ዝሓዘ ሰነድ ክቐርብ ኪኢሉ እዩ። በቲ ውዳበ ዝቐረበን መንግስቲ ኣብ ፈላማይ ምኽክር ምንካይ ድኽነት ክውን ኣብ ዝገበሮን ሰነድ ብዝርዝር ኣቐሚጥዎ እዩ። ኣብ 2004 ዓ.ም. እቲ ውዳበ ማሕበራት ሞያን ትካላት ምርምርን ብምሕቋፍ ኣባላቱ ብምብዛሕ ክንቀሳቐስ ብምውሳኑ እቲ ውዳበ ነፃ መሓውር ክኸውን ብምግባር መርበብ ምክልኻል ድኽነት ሕ/ሰብ ኢትዮጵያ/ፓኔ ዝብል ስያመ ሒዙ ብሓዱሽ መልክዕ ተጣየሸ።

ክሳብ ሕዚ ፓኔ ኣብ ከይዲ ምሕንፃፅ ትልሚ ምንካይ ድኽነት ብዝግባእ ንምስታፍ ትኹረት ገይሩ ክሰርሕ ፀኒሑ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ዓመታዊ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ሪኢትኡ ካብ ምቕማጡ ንላዕሊ ቀሊል ዘይበሃል ሓሳባት ብምውሳኽ ኣብ ከይዲ ምውጋድ ድኽነትን ምምፃእ ቅልጡፍ ዕብየትን ዝለዓለ እጀም እናወፈየ ይርከብ። ብተወሳኺ ድማ ትልሚ ልምዓት ሓሙሽተ ዓመት /ማለት ካብ 2006 ክሳብ 2010 ዓ.ም. ፈ. ኣብ ዘሎ እዋን ዝትግበር ትልሚ/ኣዳልዩ ኣሎ።

ምስ ሃገራውን ክልላውን ኣባል ትካላት ፖኔ ብምኳን ብቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ዳህሳስ ዘካየደ እንትኾን ኣብዚ ሕዚ እዋን ድማ መፅናዕቲ ሓገዝ መግቢ ኣመልኪቱ ፕሮጀክት ምርምር ክሳለጥ እናገበረ እንትኾን እዚ ድማ ኣብ ከይዲ ኣዋህባ ውሳነ ዝግበር ዝርርብ ንምትብባዕ ኢሉ'ውን ሓገዝ መግቢ ከስዕቦ ዝኽእል ኣዎንታ'ውን ኣሉታውን ጕንታት ናብ ምይይጥ ቀሪቦም ክዝተየሉ ብምዕላም እዩ።

ዝተረፉ ክፍልታት እዚ ፀብፃብ ከምዝስዕብ ኣብዚ ፅሑፍ ክካተቱ ተገይሩ ኣሎ። ቀንዲ ዛዕባታት ዝኾኑ ኣብቲ ፅንዓት ከም መርኣያ ዝተኻተቱ ስድራታት ኩነታት ስነ- ህዝብን ካልኦት ማሕበራውን ቁጠባውን ጉዳያትን ኣብ 3 ክፍልታት ክቐርቡ ተገይሮም ኣለው።

ኣብ 4ተ ዓውድታት ማለት ኣብ ዝስተ ማይ፣ግልጋሎት ጥዕናን ፅሬትን፣ትምህርትን ግልጋሎት ሕርሻን በቲ መፅናዕቲ ዝተረኸቡን ጉዳያት ተቐሚጦም ኣብ ክፍሊ 4ተ ተኻቲቶም ኣለው። ኣብ መወዳእታ ድማ ቁልፊ ዝኾኑን በቲ ፈተነ ፅንዓት ዝተረኽቡን ጉዳያት መሰረት ዝገበሩ ኣብ ልዕሊ እቲ ፖሊሲ ዝቐረቡ ሓርቲ ሓሳባትን መደምደምታታትን ኣብ ክፍሊ 4 ተኻቲቶም ኣለው።

## <u>ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ኣብ ኢትዮጵያ፣-</u>

ኣብ 2000 ዓ.ም.ፈ. ሽቶታት ልምዓት እዚ ምእተ ዓመት ተቐባልነት ምርካቦም ታሪኻዊ ኣጋጣሚ እዩ ነይሩ። እዚ ጉዳይ ዝተተሓሓዙን ተደጋገፍትን ዝኾኑ ዕላማታት ልምዓት ይኹኑ ሽቶታት እቶም ትልምታት ዓለም ለኻዊ ዛዕባታት ኮይኖም ድኽነት ንምጥፋእ ዝግበር ፃዕሪ ኣድላዩ ዘበለ ትኹረትን ተገዳስነትን ንኽረክብ ገይሩ እዩ። ነዚ ብደረጃ ዓለም ዝተፈጠረ ኩነታት ሲዒቡ መራሕቲ ሃገራት ንምዕዋት ሽቶታት ልምዓት እዚ ምእተ ዓመት ኣመልኪቶም ፀብፃብ ከቕርቡ ትፅቢት ዝግበር እንትኾን ነዚ ፀብፃብ ኣሰናዳኦም ከቕርቡ ድማ ፖለቲካዊ መራሕቲ፣ ኣካላት ወሃብቲ ውሳነ፣ኣባላት ማሕበራት ሓፋሽ፣መላእ ሕ/ሰብን መራኸቢ ማዕኸናትን ክሳተፉ የገድድ። ሽቶታት ልምዓት እዚ ምእተ ዓመት ብደረጃ ሃገር ተግባራዊ ንምግባር ድማ መንግስቲ ኢትዮጵያን ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ብሓባር ከይኖም እቶም ሽቶታት ምስ ጭቡጥ ኩነታት ኢትዮጵያ ንምንፃር ዘኽእል ስራሕቲ ጀሚሮም ኣለው።

መደብ ዘላቒ ልምዓትን ምንካይ ድኽነትን ካብሑ ቀጺሉ ዝመፀ ትልሚ ቅልጡፍ ዕብየት ንምንካይ ድኽነት ብቐንዱ ንዕብየት ኢትዮጵያ ወሰንቲ እዩም ። እዞም 2ተ መርሃ ግብሪታት ሽቶታት ልምዓት እዚ ምእተ ዓመት ንምዕዋት ዘኽእል ጭቡጥ ኩነታት እዛ ሃገር ኣብ ግምት ዘእተወ ዝተፈላለየ ኣንፈታት ካብ ምሕባርም ብተወሳኺ ኣባላት ማሕበራት ሓፋሽ ኣብ ምሕንፃፅ መደብ ምንካይ ድኽነት፣ ከይዲ ትግበራን ክትትልን ብንቕሓት ንምስታፍ ዘኽእሉም ወሳኒ ኣጋጣሚ'ውን ፈጢሩሎም እዩ።

መደብ ዘላቒ ልምዓትን ምንካይ ድኽነትን፣ ትልሚ ቅልጡፍ ዕብየት ንምንካይ ድኽነትን ፍሉይን ቀዳምነትን ዝተወሃቦም ተግባራት ብዝግባእ ዘካተተ ተግባራዊ ትልሚ ዘቐመጡ እዮም። ዓመታዊ ፀብፃብ ደረጃ ኣፈፃፅማ ድማ ብመንፅር እቶም ዝተቐመጡ መመዘንታት ከይዲ ትግበርኡ ትካላዊ ብዝኾነ መልክዑ ንምክትታት የኽእል።

እዞም ተደጋገፍቲ ዝኾኑ ስጉምትታት ግንዛበ ክፈጥሩን ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣቐደሞም ክሳተፉን ዝገብር ስምዒት ክህልዎም ትፅቢት ይግበር።

ኣብዚ ከይዲ እዚ እዩ 'ምበኣር ከይዲ ኣዋህባ ግልጋሎት ህዝቢ መሰረት ብምግባር ዝተረኽበ ውፅኢታት ፅሬትን መጠንን ንምዝርዛር ኣሳታፊ ዝኾኑ ከምኒ ሜላታት ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታትን /PPETS ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ዝኽአሉ።

እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ኘሮጀክት መፅናዕቲ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ኣብ ምምሕያሽ ኣዋህባ ግልጋሎት ብዝምልከት ብደረጃ ሃገር ዘለው ኣዝዮም ዝነኣዱ ተሞኩሮታት ኣተኣላሊሹ ንምርካብ ዝተገብረ ፈተነ እዩ። ፈተነ ስለዝኾነ ድማ ኣብ 4ተ ዓውድታት እዩ ትኹረት ገይሩ። ንሳቶም ውን ግልጋሎታት ዝስተ ማይ፣ ጥዕናን ፅሬትን፣ ከምኡ ውን ትምህርትን ኤክስቴንሽን ሕርሻን እዮም።

እዚ መፅናዕቲ ኣብ 4ተ ክልላትን ሓደ ምምሕዳርን እዛ ሃገር ዩ ክካየድ ተገይሩ። ንሳቶም ውን ኣብ ክልላት ትግራይ፣ ኦሮምያ፣ ዓፋርን ደቡብን ከምኡ ውን ኣብ ምምሕዳር ከተማ ድሬዳዋ ዩ። ኣብ ክልል ዓፋር ዝተኣከበ መረዳእታ ሙሉእነት ዘይብሉ ብምኻኑ ትንታነ እዚ መፅናዕቲ ንክልል ዓፋር ኣየካተተን ። ይኹን ምበር ኣብቲ ክልል ዘጋጠመ ፀገም ኣብ ከይዲ እቲ መፅናዕቲ ትምህርቲ ተሞክሮ ሂቡ ሓሊፉ ዩ። እዙ መፅናዕቲ ዋላ ኳ ፈላማይ ደረጃ መፅናዕቲ እንተኾነ ንዝተፈላለዩ ኣካላት ተሞኩሮ ካብ ምምሕልላፉን ዓቕሞም ካብ ምጥንኻሩን ብተወሳኺ ደረጃ ወሃብቲ ህዝባዊ ግልጋሎታት ንምምሕያሽ ድልየት ንዘለዎም ኣካላት ዝጠቕሙን ክስትውዓሉ ዝግበኦምን ኣብ ዝተሓንፀፁ ፖሊሲታት ሓበርቲ ዝኾኑ ሪኢቶታት ክቐርቡ ገይሩ ዩ ።

ብፓኔ ተሓንጺፁ ተግባራዊ ዝኾነ እዙ ኘሮጀክት ምርምር እቲ ትካል ኣብ ክይዲ ክትትል ዘላቒ ልምዓትን ምንካይ ድኽነትን ማሕበራት ሓፋሽ ድልዱል ብፅሒት ክህልዎም እቲ ትካል የሳልጦም ካብ ዝፀነሐ ፃዕርታት ሓደ ኣካል ብምኻኑ ዝተጀመረ እዩ። ኣብ ሃገረ ህንዲ ዝርከብ ፐብሊክ ኦፊሰር ፋውንዴሽን ካብ መደብ ልምዓት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዝረኸቦ ሓገዝ ገንዘብ ነቲ ፈተነ ሞያዊ ሓገዝ ገይሩ ዩ።

ከምዚ ዝዓይነቱ መፅናዕቲ ኣብ ኢትዮጵያ ብተደጋጋሚ ክካየድን ቀፃልነት ክህልዎን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዋ ትካላት ዘለወን ዓቕሚ ዩ ዝውስኖ ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ከምዚ ዝዓይነቱ ኘሮጀክት ተሓንጺፁ ስራሕቱ ዓቕሚ ብዘለወን ሃገር ለኸ ዝኾና መትረፍቲ ኩባንያታት ምርምር ወይ ድማ ብላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ እዩ ዝካየድ ። ዋላ'ኳ ኣብ ሃገርና ዝርከባ ማሕበራት ሓፋሽ መሳተፋይ ዝኾኑ ምርምራት ንምክያድ ዘኽእል ዓቕሚ ከምዘለወን ተስፋታት እንተዘይሃለው ከም ብቐጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ዝካየዱ መፅናዕትታት ንምክያድ ዘኽእል ዓቕሚ ዘለወን ሃገር ለኸ ትካላት ንምርካብ ሕፅረት ከምዘሎ ግና ብግልፂ ዝረኣ ሓቂ ዩ ።

ይኹን ምበር ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ውሽጢ ሃገር ተጣይሽን ዘለዋ ማሕበራውን መትረፍትን ትካላት ምርምር ከም ፅቡቕ ኣጋጣሚ ተገይረን ክረኣያ ይግባእ። ነዚ ሓቂ እዚ ንምርግጋፅ ፓኔ ዓቕሚ ንዘለወን ትካላት ተጠቒሙ ስራሕቱ ዘሳልጥ ጥምረት ብዙሓት ትካላት ምኻኑ ዩ።

እዙይ ከምዘሎ ኵይኑ ግና ንግዚኡ ሃገር ለኸ ትካላት ነዚ መፅናዕቲ ንምሕንፃፅ ዘለወን ዓቕሚ እኹል ዘይምኻኑ ፓኔ ኣብ ግምት ብምእታው ፐብሊክ ኦፊሰርስ ፋውንዴሽን /PAF ብዝብል ስያመ ንዝፍለጥ ትካል ምርምር ህንዲ ብምፅዳም ብመሰረት ዝተበፅሐ ስምምዕ ሜላ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ብምጥቃም ምርምር ንምግባር ዘኽእል ዓቕሙ ክዓቢ ገይሩ'ሎ ፓኔ።

## <u>ሜላ እቲ መፅናዕቲ</u>

ክፍሊ ቴክኒክ ፈተነ መፅናዕቲ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት እዞም ዝስዕቡ ረቋሒታት ዝሓዘ ዩ ።

1. ንተመሳሰልቲ ወሃብቲ ሪኢቶ ብምዝርራብ ኣቢልካ ቀንዲ ዛዕባታት እቲ መፅናዕቲ ምፍላይ
2. ነቲ መፅናዕቲ ዝኸውን መረዳእታ ንምትእኽኻብ ዘኽእሉ ቅጥዕታትን ሕቶታትን ምስንዳእ
3. መረፃ መርኣያ ምክያድ
4. ስልጠና ኣሰልጠንቲ ምክያድ
5. ኣከብቲ መረዳእታ ንምምራፅን ንምስልጣንን ዘኽእል መምርሒታት ምስንዳእ
6. ብዛዕባ እቲ ዝዋፈረሉ ከባቢ መፅናዕቲ ምክያድ

7. ስራሕቲ ምውፋር ብዝተተለመሉ መሰረት ምክያዱ ንምቁፅፃር ዘኽእል ከይዲ ምስላጥ
8. መረዳእታ ዝእከበሉ ሜላታት ምሕንፃፅን እቲ መረዳእታ ናብ ኮምፒተር ዝኣትወሉ ስራሕቲ ምውጋንን
9. ስራሕቲ ምትንታንን ምትርጓምን መረዳእታ፣ ከምኡ ውን
10. ዝተማለኣ ፀብፃብ ምስንዳእ ዝብሉ የም።

## ትኹረት ዘድልዮም ሓሳባት እቲ መፅናዕቲ ምፍላይ

ቀንዲ ጉዳያትን ጭብጥታትን እቲ መፅናዕቲ ፈሊኻ ንምውፃእ ኣብ ከባቢታት ገጠር ምስ ተመሳሰልቲ ወሃብቲ ሪኢቶ ዝርርብ ተኻይዱ ‘ዩ። ዕላማ እቲ ምርመራ ወሰንትን ባህሪ ምልውዋጥ ዘለዎምን ነጥብታት እቲ መፅናዕቲ ፈሊኻ ንምውፃእን ንፈተነ መፅናዕቲ ዝኾኑ ሕታማት ንምሕንፃፅን ዩ።

ኣቐዲሞም ዝተመረፁ ተለዋወጥቲ ዝኾኑ ተመሳሰልቲን ወሰንትን ጉዳያት ንምፍላይ ቀወምቲ ዝኾኑ ሕቶታት ክኾኑ ተገይሮም የም። ብውሱን ቀወምትን ንምላሽ ዘተባብዑን ካብ ልቢ ዘዘራርቡ ነጥብታት ‘ውን ንምእካብ ተኻኢሉ ‘ዩ። እቲ ዳህሳስ ምቹዊ ንምግባር ሜላ ተመሳሰልቲ ወሃብቲ ሪኢቶን ኣብ ቀረባ ዘለው ሰነዳትን ብምርኣይ ዝርዝር ነጥብታት እቲ መፅናዕቲ ተፈልዮም ቀሪቦም እዮም። ነቲ መፅናዕቲ ዝሕግዙ መተኣኻኸቢ መረዳእታታት ‘ውን ብቋንቋታት ትግርኛ፣ ኣምሓርኛን ኦሮምኛን ተተርጒሞም እዮም።

## ንኣብነት ዝቐረቡ ስድራታት ምፍላይ

ኢትዮጵያ ኣብ 11 ክልላት ዝተመቐለት ኰይና ሕድሕድ ክልል ድማ ብወረዳታት፣ ወረዳታት ድማ ብጣብያታት ዝተኸፋፈለ እዩ። እዚ መፅናዕቲ ብጠቕላላ ኣብዛ ሃገር ዝርከቡ 3 ሽሕን 900 ኣብ ልዕሊ ዝኾኑ ከም መርኣያ ዝቐረቡ ስድራታት ዝተመስረተን ሓፈሻዊ ኩነታት እዛ ሃገር ዝውክልን እዩ።

ኣብቲ መፅናዕቲ ከም መርኣያ ተመሪፆም ዝኣተው ወሃብቲ ሪኢቶ ካብ 4ተ ገጠራትን ሓደ ከተማን ዘካተተ ዩ። እቶም 3 ገጠር ክልላት ዝተሓረዩ ካብ ኦሮሚያ፣ ደቡብን ትግራይን እንትኾን እዚ ድማ ሓፈሻዊ በዝሒ ህዝብን ስፍሓት መሬትን እዛ ሃገር 85 ሚኢታዊ ዝሽፍን እዩ። ከተማ ድሬዳዋ ድማ ናሙና ከተማታት ብምውካል ዝተመረፀት እያ።

1ይ ሰደቓ መጠን ናሙና ብክልል

| ክልል | ከይዲ ኣመራርፃ ናሙና | በዝሒ ተሓተቲ |
|---|---|---|
| ኦሮምያ | ነቲ መፅናዕቲ ካብ ነብሲ ወከፍ ወረዳ 5 ጣብያታት ተመሪፀን። ኣብ ሓደ ወረዳ 300 ንናሙና ዝኾኑ ስድራታት ብመጠን ቁፅሪ ኣብተን ጣብያታት ዝነብሩ ስድራታት ብፅሒት ክህልዎም ብምግባር ክምረፁ ተገይሩ። ኣብ ምምራፅ ስድራ ንኩሎም ማዕረ ዕድል ዝህብ ኣሰራርሓ ዝተኸተለ እዩ። ይኹን ምበር ብኣዶ ዝዓብዩ ስድራታት ኣብ ምምራፅ ግና ኮነ ተባሂሉ ዝካየድ ኣሰራርሓ ሜላ ምምራፅ እዩ ተኸቲሉ። | 1201 |
| ትግራይ | ካብ ነብሲ ወከፍ ወረዳ 9 ጣብያታት ተመሪፀን። 450 ንናሙና ዝኾኑ ስድራታት ብመጠን ቁፅሪ ኣብተን ጣብያታት ዝነብሩ ስድራታት ማዕረ ብፅሒት ክህልዎም ብምግባር ክምረፁ ተገይሩ። ኣብ ዝተመረፃ ጣብያታት ዝርከቡ ስድራታት ንምምራፅ ብዘፈቀደ ዝካየድ ሜላ ኣመራርፃ ዝተኸተለ እዩ ነይሩ። | 838 |
| ደቡብ | ካብ ነብሲወከፍ ወረዳ 7 ጣብያታት ብዘፈቐደ ምስተመረፃ 300 ስድራታት ብመጠን ቁፅሪ ኣብተን ጣብያታት ዝነብሩ ስድራታት ማዕረ ብፅሒት ክህልዎም ተገይሩ ክምረፁ ኸኣሉ። ኣብ ምምራፅ ስድራታት በዘፈቐደ ዝካየድ ሜላ እዩ ተኸቲሉ። | 594 |
| ድሬዳዋ | ካብ ሓፈሻ 9 ጣብያታት እተን 2 እየን ክምረፃ ተገይሩ። 600 ናሙና ስድራታት ነተን 2ተ ጣብያታት ማዕረ ብምምቃል እኹል ብፅሒት ክህልወን ተገይሩ በዘፈቐደ ዝካየድ ሜላ ኣመራርፃ ብምጥቃም ዩ ተመሪፁ። | 595 |
| | **ሓፈሻዊ በዝሒ ተሓተቲ ናሙና** | **3228** |

ትልሚ እቲ ናሙና ከምዘርእየና ካብ መንጐ እተን ዝተመረፃ ክልላት ካብ ኦሮምያ ወፃኢ ካብ ሕድሕድ ክልል ክክልተ ወረዳታት የን ተመሪፀን። ክልል ኦሮምያ በዝሒ ህዝባ ዝለዓለ ብምኻኑ 4ተ ወረዳታት ክተካተት ተገይሩ እዩ። እተን 2ተ ወረዳታት ዝተመረፃ ዘለወን ራሕቕን ቅርበትን ማእኸል ብምግባር እንተኾን ከይዲ እቲ ኣመራርፃ ድማ ማዕረ ዕድል ናሙና ብምኽታል ዩ። ኣብቲ ክልል ዝርከባ ኩለን ወረዳታት ዘለወን ቅርበትን ራሕቕን ምስተደልደለ ኣብቲ ናሙና ዝኣተዋ ወረዳታት ካብ ዝራሓቓን ዝቐረባን ክምረፃ ተገይሩ እዩ። እቲ ዝነበረ ከይዲ ኣብ ሰደቓ ቁፅሪ ሓደ ተጠቒሱ ኣሎ።

## ብወፍሪ መፅናዕቲ ብዛዕባ ምክያዱ

እቲ መፅናዕቲ ዝተኻየደ ብኣባላት ፓኔ ኰይኑ ዝተፈላለዩ ኣባላት ዝሓዘ ጉጅለ ናብተን ክልላት ብምውፋር ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ተዛዚሙ ዩ።

ቀዳሊ ድማ ካብ ክልል ዓፋር ወፃኢ ስራሕቲ ቁፅፅር ኣብ ኩለን ክልላት ተኻይዱ እዩ። ኣብ ክልል ዓፋር ንዝነበረ ጉጅለ ዝመርሐ ኣካል እኹል ዝኾነ ናውቲ መሳርሒ ብዘይምርካቡን ናብ ኣዲስ ኣበባ ክበፅሕ ብዘይምኽኣሉን ኢሉ ውን ምስ ኣማኸርቲ PAF ብዘይምርኻቡ ዝነበረ ከይዲ ቁፅፅር ንምክታት ኣይተከኣለን። ዝርዝር ከይዲ እቲ ቁፅፅር ኣብዚ ፅሑፍ ክኣቱ ተገይሩ ኣሎ። ካብ ስራሕቲ ቁፅፅር እቲ ወፍሪ ብተወሳኺ ብኣባላት ፓኔ ኣቢሉ እቲ ወፍሪ ቅድሚ ምስላጡ ብመሰረት ዝተቐመጠ ረቋሒ እቲ መፅናዕቲ ኣድላዪ ዘበለ ስርዓት ዝተኸተለ ምኻኑ ንምርግጋፅ ኢሉ ውን ኣብ እዋን እቲ መፅናዕቲ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ብኣባላቱ ኣቢሉ ግልፂ ንምግባር ተፈቲኑ እዩ።

## ትንታነ

በቲ ቃለ መሕትት ኣቢሉ ዝተረኸበ መረዳእታ ምስተተንተነ ንነብሲወከፍ ክልል ዝኸውን ግምት ተረኺቡ እዩ። ግምት እተን ክልላት ብመጠን ብፅሒት ቁፅሪ ስድራታት እተን ገጠራት ትኹረት ተገይሩሉ ሃገር ለኸ ግምት ገጠራት ተሰሊፁሉ እዩ። ንከተማታት ዝተወሃበ ግምት ውን ንበይኑ ቀሪቡ ኣሎ።

## ድሩትነት እቲ መፅናዕቲ

⇒ እዙ መፅናዕቲ ተጠቀምቲ ወሃብቲ ግልጋሎታት ብመልክዕ ሜላ መፅናዕቲ ዳህሰሳ ተጠቒሙ ዓቕሚ እቲ ሕብረተሰብ ማእኸል ዝገበሩ ወሃብቲ ግልጋሎታት ዘለዎም ውፅኢታውነት ምክትታል ከምዝከኣል ንምፍታሽ ዝተገበረ ፈላማይ ደረጃ መፅናዕቲ እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ መፅናዕቲ ፈተነ ዝረኸቦም ቁም ነገራት ሓፈሻዊ ሓበርቲ ሓሳባት እምበር ንኹሎም ግልጋሎታት ዝውክሉን ዘለው ኩነታት ብትክክል ዝገልፁን ኣይኮኑን። ስለዝኾነ እዚ ጉዳይ ሓደ መርኣያ ድሩትነት እቲ መፅናዕቲ ኰይኑ ክውሰድ ይከኣል።

⇒ ተጠቀምቲ በቶም ወሃብቲ ግልጋሎት ንምዕጋቦም ካብ ዘለዎም ትዕቢትን እቶም ግልጋሎታት ይህብዎ እዮም ምስ ዝበሃል ግምትን ዝተሓሓዝ እዩ። ኣብዚ ዝቐርብ ምኽንያታት ኣብ ሞንጐ እተን ክልላት ኣዝዩ ዝተፈላለየ እዩ። እዙ ኣፈላላይ ድማ በቲ መፅናዕቲ ከም ሓፈሻዊ ኰይኑ ደረጃ ዕግበት ኣብ ዝተወሰና ክልላት ንምዕባይ ወይ ድማ ንምውሓድ ግደ ኣለዎ። ይኸን ምበር ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ብጥቕሉሉ ዝገልፅ ብምኻኑ ነዚ ዘርእይ ኣይኮነን። እዚ ድማ ካልእ ድሩትነት እዚ መፅናዕቲ ተገይሩ ክውሰድ የኽእል ዩ።

## ማሕበራውን ስነ ህዝባውን መልክዕ ናሙና ስድራታት እዚ መፅናዕቲ

ኣብዚ ብቕጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ዝተኻየደ መፅናዕቲ 3 ሽሕን 829 ስድራታት ዮም ተመሪፆም ቀሪቦም። እዞም ካብ 4ተ ክልላትን ሓደ ምምሕዳር ከተማን ዝተመረፁ ዜጋታት ልዕሊ 80 ሚኢታዊ በዝሒ ህዘቢ እዛ ሃገር ዝሓዙ እዮም። ኣብ ትግራይ፣ ኦሮምያን ደቡብን መብዛሕቲኦም ካብ 6 ክሳብ 10 ኣባላት ስድራ ዘለዎም ከምዝኾኑ ተገሊፁ ኣሎ። እቶም ካልኦት ኩነታት ስነ-ህዝቢ ዝገልፁ ጉዳያት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- ኣብ ሞንጎ እተን ክልላት ቁፅሪ በዝሒ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኣፈላላይ አለዎ። ኣብ ኣሮምያን ድሬዳዋን ቁፅሪ ደቂ ኣንስትዮ እንትበልፅ ኣብተን ካልኦት ግና ናይዚ ግልባጥ ዩ።
- ዕድመ እቶም ዝተመረፁ ስድራታት ድማ ልዕሊ 60 ዝዕድሚኦም ትሑት ብፅሒት ከምዘለዎም እዩ ዘርእይ። ካብዚ ብተወሳኺ ብፅሒት ደቂ ኣንስትዮ ውን ዝነኣሰ ዩ።
- ውሑዳት ዘይበሃሉ ስድራታት ገጠር ኣብ ሳዕሪ ዝኽዳኑ ኣባይቲ እዮም ዝነብሩ ።

## ትምህርትን ክይዲ ኣዋህብኡን

- ኣብ ገጠር ካብ ሞንጎ ዝርከቡ ህፃናት ናብ 63 ሚኢታዊ ዝኾኑ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ይርከቡ። ኣብዚ ኦሮምያ 66 ሚኢታዊ ብምርካብ ቀዳመይቲ እንትኾን ደቡብ 58 ሚኢታዊ ብምሓዝ ካልኣይቲ እያ። ትግራይ 51 ሚኢታዊ ሒዛ ሳልሰይቲ እያ። ኣብ ከተማ ድሬዳዋ ትምህርቶም ዝከታተሉ ህፃናት ቁፅሮም ዝለዓለ እንትኸውን 88 ሚኢታዊ በፂሑ ኣሎ።
- ኣብ ኩለን ክልላት ቁፅሪ ትምህርቶም ዝከታተሉ ደቂ ተባዕትዮ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ዝበለፀ እዩ። ኣብ ትግራይ ምቁራፅ ትምህርቲ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝበዝሐ እንትኾን ኣብ ኦሮምያን ደቡብን ግና ዝተሓተ ዩ። እቲ ኣዝዩ ዝገርም ድማ በዝሒ ምቁራፅ ትምህርቲ ምስ ከባቢታት ገጠር እታ ሃገር እንትነፃፀር ኣብ ድሬዳዋ ዝለዓለ ምኻኑ ዩ።
- ኣብ ከባቢታት ገጠር ፈፂሞም ትምህርቲ ዘይፈልጡ በዝሖም እንትረአ ካብ ድሬዳዋ ዝለዓሉ እዩ።
- ንድሬዳዋ ሓዊሱ ኣብ ኩለን ክልላት ትምህርቲ ዘይፈልጡ ወገናት ዕድሚኦም ልዕሊ 60 ዝኾናም እዮም። እዙይ ዘርእየና ድማ ካብ ቀረባ ዓመታት ናብዚ መሃይምነት ንምጥፋእን ተሳትፎ ትምህርቲ ንምምሕያሽን ዝለዓለ ምርብራብ ከምተገበረ እዩ። ካብቶም ዝቐረቡ መረዳእታታት ተበጊስና ውፅኢታውነት ትምህርቲ ምስ ስርዓተ ፆታን ክልላትን እንትንሪኢ እዞም ዝስዕቡ ዘስደምሙ ነጥብታት ምውዓእ ይከኣል።
- ኣብ ኩለን ክልላት ትምህርቲ ካብ ዘይጀመሩ፣ ቁፅሪ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ እንትነፃፀር ዝለዓለ እዩ።

- ኣብ ገጠር ካብ ሞንጎ ዝነብሩ ዜጋታት ልዕሊ ማእኸላይን 2ይ ብርኪን ትምህርቶም ዝተኸታተሉ 3 ሚኢታዊ ዝኾኑ ጥራሕ ዮም።
- ብግልባጡ ኣብ ከባቢ ከተማ እቶም ሲሶ ዝኾኑ ልዕሊ ማእኸላይን 2ይ ብርክን ዝተመሃሩ ዮም።

## ኩነታት ሓዳር

- ኣብ ከባቢታት ገጠር እዛ ሃገር ካብ ሞንጎ ዝርከቡ ስድራታት እቶም ልዕሊ 60 ሚኢታዊ 16 ዓመት ዝገበሩ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮ ሓዳር ዝገበሩ ዮም ። ኣብ ድሬዳዋ እዚ ብፅሒት ብሲሶ ዝወሓደ እዩ። ኣዝየን ቁፅረን ዝበዘሐ ደቂ ኣንስትዮ ሓዳረን ዝፈተሓ ምኻነን እንትፍለጥ እዙ ኣፈላላይ ዘርእየና ድማ ኣብ ከባቢ ገጠር ዝለዓለ ምምስራት ሓዳር ጥራሕ ከምዘሎ እዩ።
- ኩነታት መቐሎ ስራሕ ስድራታት ገጠር ብግልፂ ከምዝሕብሮ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስራሕቲ ውሽጢ ገዛ ዝበዝሕ እዋን ተፀሚደን እንትውዕላ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ኣብ ስራሕቲ ሕርሻ ተዋፊሮም ይርከቡ።

## ቀረብ መሳርሕታት/ናውቲ

- ኣብ ከባቢ ገጠራት ኢትዮጵያ ካብ ዝርከቡ ወሃብቲ ግልጋሎታት፣ ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ መንግስቲ ዝለዓለ ብፅሒት ዝሓዘ እዩ። ካብ ሞንጎ ከም ናሙና ዝተመረፁ ስድራታት ናብ 83 ሚኢታዊ ዝኾኑ ስድራታት ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣብ ጣብይኦመ ከምዝርከብ ይዛረቡ። እዙ ኣሃዝ ግና ኣብ ክልል ደቡብ ዝተሓተ ኮይኑ 68 ሚኢታዊ ሒዙ ንረኽቦ። ብግልባጡ ኣብ ትግራይ ዝለዓለ ኮይኑ 99 ሚኢታዊ በፂሑ ይርከብ።
- ብኻልእ መልክዑ ድማ ግልጋሎት ጥዕና ዝተሓተ ኮይኑ ንረኽቦ። ካብ ሓሙሽተ ሓደ ኢድ ዝኾኑ ወሃብቲ ሪኢቶ ጥራሕ ዮም ቀረብ ግልጋሎት ጥዕና ኣብ ጣብይኦም ከምዘሎ ዝገለፁ።

## መጠቓለልን ሓበርቲ ፖሊሲታትን

### ቀረብ ዝስተ ማይ

ኣብዚ መፅናዕቲ ዝተረኽበ ሪኢቶ ከምዝሕብሮ ናብ 75 ሚኢታዊ ዝኸውን ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ ንመስተን ስራሕቲ ገዛን ዝኸውን ማይ ዝረክብ ካብ ቢንቢ ወይ ድማ ፍልፍል ዓይኒ ማይ ዘይኮነስ ካብ ዒላታትን ካልኦት ፍልፍላትን እዩ።

ሕፀረት ማይ ብዝምልከት ድማ 56 ሚኢታዊ ነበርቲ ገጠር ፀገም ከምዘሎ እንትገልፁ ኣብ ከተማ ካብ ሞንጎ ዝነብሩ ተሓተቲ ድማ 49 ሚኢታዊ ዝኾኑ ሕፀረት ማይ ከምዘጋጥሞም ይዛረቡ። ምስዙይ ብዝተተሓሓዘ ተጠቀምቲ ዒላ ካብ

ዝኾኑ ወገናት 94 ሚሊ.ታዊ ዝኾኑ ሕፅረት ማይ ከምዘለዎም ይገልፁ። ብኣግባቡ ካብ ዘይተተሓዘ ብኢድ እናንቀሳቐስካ ዝሰርሕ ማይ ቧንቧ 85 ሚሊ.ታዊ ተጠቀምቲ ኰይኖም እዚኦም ውን ፀገም ከምዘጋጥሞም እንትገልፁ፣ ብኣግባቡ ካብ ዝተተሓዙ ብኢድ ዝሰርሑ ማይ ቧንቧታት ተጠቀምቲ ካብ ዝኾኑ ወገናት እቶም 62 ሚሊ.ታዊ እቲ ፀገም ኣብኣቶም ውን ከምዘጋጥም ይዛረቡ።

ክልላዊ ዝኾነ መረዳእታ ቀረብ ማይ ከምዝሕብሮ እዋናዊ ዝኾኑ ሕፅረታት ማይ ኣብ ክልል ደቡብ 78 ሚሊ.ታዊ፣ ኣብ ኦሮምያ 51 ሚሊ.ታዊ፣ ኣብ ትግራይ ድማ 40 ሚሊ.ታዊ ከምዘጋጥም ንምፍላጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ካብቶም ኣብቲ መፅናዕቲ ዝተኻተቱን እቲ ፀገም የጋጥም እዩ ዝበሉን ወገናት 54 ሚሊ.ታዊ ዝኾኑ ብምኽንያት እቲ ፀገም ማይ ካብ ቧንቧን ካልኦት ፍልፍላትን ካብ ምጥቃም ፅሬት ካብ ዘይብሎም ፍልፍላት ማይ ናብ ምጥቃም ከምዘምርሑ ተዛሪቦም ኣለው። እዚ ጉዳይ ኣብ ኩለን ክልላት ከምዘሎ ‘ውን ንምፍላጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ማይ ከም ደልየትካ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ማለት ኣብ እዋን ዝናብን ጠሊ.ን ሲ.ሶ ዝኸውን ህዝቢ. ኣብ 300 ሜትሮ ራሕቒ ውሽጢ. ገዝኡ ማይ ይረክብ። ይኹን ምበር እዚ. ማይ ዝርከበሉ ራሕቒ ሕፅረት ማይ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ማለት ኣብ እዋን ሓጋይ ብዝለዓለ መጠን ይንኪ.። 11 ሚሊ.ታዊ ዝኸውን ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ. ግና ኣብ 300 ሜትሮ ራሕቒ ከባቢ. መንበሪኡ ማይ ከምዝረክብ ወሃብቲ ምላሽ ካብ ዝበልዎ ንምርዳእ ተኻኢሉ ኣሎ።

44 ሚሊ.ታዊ ዝኾኑ ኣብዚ. መፅናዕቲ ዝኣተው ተሓተቲ ኣብ ምፅጋን ማይ ቧንቧ ከምዝሳተፉ ይዛረቡ። እዚ. ተሳትፎ ሓደ መርኣያ ዝበዝሕ ህዝቢ. ብጉልበቱ ዘዋፅኦ እጃም ንምኻኑ ተሓቢሩ ሎ።

ካብቲ ዝተረኸበ ሪኡቶ ንምርዳእ ከምዝከኣል ሩባታት እናረስሑን እናተፀየቑን እዮም ። ኣብቲ መፅናዕቲ ካብ ዝተኻተቱ ከባቢ. 70 ሚሊ.ታዊ ዝኾኑ ወሃብቲ ሪኢ.ቶ እዙ ፀገም ከምዘሎ ይዛረቡ። ካብኦም ውሑዳት ድማ መፃረዩ ማይ ከምዝጥቀሙ ንምርዳእ ተኻኢሉ።

ከይተቋረፀ ንነዊሕ እዋን ዝፀንሕ ቀረብ ማይ ብዝምልከት ድማ ህዝባዊ ዝኾኑ መከፋፈልቲ ቧንቧታት ዘተኣማምኑ ምኻኖም ንምፍላጥ ተኻኢሉ ኣሎ።-

ቀፃልነት ዘለዎም ቀረባት ማይ ዝምልከት ጉዳይ እንተንሪኢ. ድማ ትግራይ ዝለዓለ ደረጃ ይሕዝ። ካብቲ መፅናዕቲ ንምርዳእ ከምዝከኣል 64 ሚሊ.ታዊ ዝኾኑ ወሃብቲ ምላሽ ነበርቲ ክልል ትግራይ ኣብ እዋን ክራማት ንነዊሕ እዋን ማይ ቧንቧ ከይተቋረፀ ከምዝረኽቡ ይዛረቡ። ኩነታት ክልል ደቡብ እንተንሪኢ. ድማ ዝኸፈአ ኰይኑ ንረኽቦ።

- ተጠቀምቲ ማይ ከምድልየቶምን ብፅሬትን ረኺቦም ናይ ምፅጋብ ኩነታት እንተንርኢ. ህዝባዊ መከፋፈልቲ ማይ ህዝቢ. ዘለዎም ብፅሒ.ት ዝለዓለ ኰይኑ ንረኽቦ።

- ካብ ተጠቀምቲ ዝተረኸበ ሪኢቶ ብግልፂ ከምዘርእዩ ቀረብን ፅሬትን ማይ ኣብ ዝሓለፉ 2ተ ዓመታት ምምሕያሽ አለዎ። እዙ ምምሕያሽ ብዝዓበየ ኣብ ህዝባዊ መከፋፈልቲ ማይ ዝተረኣየ ዩ።
- መብዛሕትኦም ኣብዚ መፅናዕቲ ዝተኻተቱ ተሓተቲ ከምዝበልዎ ቀረብ ግልጋሎት ማይ እንተተመሓይሹ ተወሳኺ ክፍሊት ንምኽፋል ድልዋት እዮም።
- ኩነታት ግልጋሎት ማይ ንምምሕያሽ ይጠቕሙ እዮም ብዝብል ዝቐረቡ ሪኢቶታት ከምዝሕብርዎ ህዝባዊ ዝኾኑ ትካላት መከፋፈልቲ ማይ ብምስፍፋሕ ንተጠቀምቲ ምብፃሕ ኣድላይ እዩ።

## ኣብቲ ፖሊሲ ዝቐረቡ ሓበርቲ ሓሳባት

- ዋላ ኳ ኣብ ፈላማይ መደብ ዘላቒ ልምዓትን ምንካይ ድኽነትን ፅሩይ ዝስተ ማይ ንኹሉ ንምብፃሕ ተግባራዊ ዝኾኑ ስራሕቲ ምምሕያሽ እንተምፅኡ፣ ተጠቃማይ ፅሩይ ዝስተ ማይ ምኻን ንመብዛሕቲኦም ኢትዮጵያውያን ዓብዪ ፀገም እዩ።
- ህዝባዊ ዝኾኑ ወሃብቲ ግልጋሎት ማይ ካብ ምስፍፋሕ ብተወሳኺ ፍልፍላት ማይ፣ ሩባታትን ፅሬቶም ዘይሓለው ዒላታትን ዘተኣማምን ምምሕያሽ ምግባር ግዘ ክወስድ ዘይግበኦ ጉዳይ እዩ። ቀንዲ ምኽንያት እዚ ሓሳብ ድማ ሕፅረት ማይ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ዝበዝሕ ህዝቢ ካብዚኦም ምጥቃም ስለዝኽእል ዩ።
- ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝነብሩ ዜጋታት ሕፅረት ማይ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ፅሬቱ ዝኾነ ይኹን ማይ ንምርካብ ዓብዪ ፀገም ዩ ዘጋጥሞም። ስለዝኾነ ብመልክዕ ትልሚ ዝተሓንፀፁ መርሃ ግብርታትን ካልኦት ሜላታትን ናብ ተግባር ብምሽራፍ እቲ ሕብረተሰብ ኣብ እዋን ፀገማቱ ክፃወሮም ዘክእል ዓቕሚ ምፍጣር የድሊ።
- ከም ምዕቋር ማይ ዝበሉ ሓደሽቲ ሜላታት ተነፂሮም ኣብ ተግባር ክውዕሉ ይግባእ።
- ኣብ ኣጠቓቕማ ግልጋሎታት ማይ፣ መብራህትን ዝኣመስሉን አመልኪቱ ሕብረተሰብ ዘሳትፉ መድረኻት ብምፍጣር ተሳትፍኡ ንምዕዛዝ ዘይተሓለለ ፃዕሪ ምግባር የድሊ። ካብዚ ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ መድረኻት ብምጥቃም ግንዛበ እቲ ሕብረተሰብ ንምዕባይ ዘክእል ምስ ማይ ዝተተሓሓዘ ምብርባራት ምክያድ ኣገዳሲ እዩ።
- መጠን ምርሳሕ ማይ ዘፍልጥ ነዚ ንምፅራይ ዘክእሉን ሜላታት ኣመልኪቱ ዘሎ ትሑት ግንዛበ ብምርዳእን እቲ ፀገም ዝኸፈአ ስለዝኾነን ነዚ ንምቕያር ዘክእሉ መምሃሪ ፅሑፋትን ኣንፈታትን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ዝሕግዝ ፖሊሲ ክህሉ አለዎ።
- እቲ መፅናዕቲ ኣብ ሞንጐ ማይ ምርካብን ዘተኣማምን ቀረብን ኣብተን ክልላት ዓብዪ ኣፈላላይ ከምዘሎ ግልፂ ገይሩ አሎ። ነዚ ኣፈላላይ ንምፅባብ ድማ ስጉምቲ ምምሕያሽ ተሓንፂፁ ብቕልጡፍ እቲ ፀገም ክፍታሕ ይግባእ።

- ንዝሓሸ ቀረብ ግልጋሎት ማይ ተወሳኺ ክፍሊት ንምኽፋል ሙሉእ ፍቓድ ሕብረተሰብ ከምዘሎ ኣብቲ መፅናዕቲ ካብ ዝተሓቐፉ ወሃብቲ ሪኢቶ ዝቐረቡ ሓሳባት ብጥንቃቐ ክትንተኑ ይግባእ። ኣብዚ ከም ሓደ ኣማራፂ ክቐርብ ዝግባእ ብደረጃ ቁሸት ወይ ድማ ጣብያ ቀሊል ዝኾነ ምምሕያሽ ቧንቧታት ማይ ተሓንፂፁ ብድሕሪ መንግስቲ ዝሕግዝ ካብቲ ሕብረተሰብ ተዝዋፃእ ዝበለፀ እዩ።

## ግልጋሎት ሓለዋ ጥዕናን ፅሬትን

- ሕማም ዓሶ ኣብ ከባቢታት ገጠር ኢትዮጵያ ብዝዓበየ ተጋፊሑ ዝርከብ ከምዝኾነ ብወሃብቲ ሪኢቶ ብተደጋጋሚ ዝተጠቐሰ ጉዳይ ዩ። ካብኡ ቀፂሎም ድማ ሰዓልን ጉንፋዕን ብተደጋጋሚ ተጠቒሶም ኣለው።
- ትካላት ጥዕና መንግስቲ ብተሓከምቲ ዝዓበባ መብዛሕቲኦም ፈውሲ ብዝደልዩ ሕሙማት እዩ። እዙ ኩነታት ኣብ ትግራይ ብዝበለፀ ዝረኣ እንትኾን ኣብ ኦሮሚያን ደቡብን ግና ውልቀ ትካላት ጥዕና ብዝበለፀ እቲ ሕብረተሰብ ይጥቀመሎም። ተጠቀምቲ ናብ ትካላት ጥዕና ክኸዱ ዘይደልይሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ኣፋውስ ዘይርከብን፣ ራሕቐን ፅሬት እቲ ግልጋሎት ዝተሓተ ምዃኑን እዩም።
- ንመብዛሕቲኡ ሕብረተሰብ ገጠር ትካላት ጥዕና ኣብ ከባቢኡ ዘይምህላው ዓብዪ ፀገሙ እዩ። እዚ ፀገም ብዝዓበየ ኣብ ትግራይ ዝኸፈአ እዩ። ኣብ ትግራይ ልዕሊ 45 ሚኢታዊ ዝኸውን ሕሙም ሕክምና ንምርካብ ኢሉ ልዕሊ 10 ኪሎሜትሮ ይጓዓዝ። ካብ 3[ተ] ሕሙማት እቶም 2[ተ] ድማ ናብተን ትካላት ንምብፃሕ ብእግሪ ይኸዱ።
- ኣብ ትካላት ጥዕና መንግስቲ መድሓኒት ንምርካብ ብዙሕ ወፃኢ ይሓትት። ዋጋ ኣፋውስ ድማ ኣብ ሞንጐ ክልላት ዓብዪ ኣፈላላይ ኣለዎ።
- ዋላ'ኳ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝርከቡ ደኺትር ውሑዳት እንትኾኑ ፓራሜዲካት ግና ኣብ ዝበዝሕ ከባቢ ይርከቡ።
- ካብ መንግስታዊ ትካላት ጥዕና ኣፋውስ ብናፃ ዝወስዱ ወገናት ቁፅሮም ውሑድ እዩ። እዙ ጉዳይ ኣብ ተግባር ዊኢሉ ምስዘሎ ፖሊሲ ሓለዋ ጥዕና ዝኳነፅ ብምኻኑ ትኹረት ዘድልዮ ዩ።
- ኣብ ቀረብ ንህፃናት ዝወሃብ ክታበት ዘሎ ጠመተ ኣመልኪቱ ዝተወሃበ ሪኢቶ ዜጋታት ንመንግስታዊ ትካላት ጥዕና ዘበረታትዕ እዩ።
- ይኹን ምበር ኣብ ከተማ ድሬዳዋ ኣብዚ ጉዳይ ጠሚቱ ዝተወሃቦ ዝተሓተን ዘየበረታትዕን ሪኢቶ ክሕሰበሉ ይግባእ። ኣብ ሞንጐ ፆታታት ዘሎ ኣፈላላይ ክታበት ውን ጠመተ ዘድልዮ ዩ።
- ካብ ሞንጐ 2[ተ] ሕቶ ዝቐረበሎም ዜጋታት እቲ ሓደ ሓፈሻዊ ዝኾነ ግልጋሎት ምኽርን መረዳእታን ካብ ትካላት ጥዕና ከምዝረክብ ኺ

እንተተዛረበ ውሑዳት ጥራሕ ዮም ካብተን ትካላት ብዛዕባ ስነ ወሊድ መረዳእታ ዝረኸቡ።

- 50 ሚኢታዊ ዝኾኑ ኣብዚ መፅናዕቲ ዝተኻተቱ ተሓተቲ ብግልጋሎት ትካላት ጥዕና ሙሉእ ንሙሉእ ከምዝዓግቡ ይገልፁ ። እዙ ኩነታት ብመንፅር ትካላት ጥዕና እንትረኣ ዝዓበየ ዕግበት ተጠቀምቲ ዝተረኸበ ፣ ግልጋሎት ሕክምና ንምርካብ ምስ ዘሎ ትፅቢት፣ ግዘን ስነ-ምግባር ሰራሕተኛታትን ዝተተሓሓዘ ዩ።
- ኣብ ከባቢ ገጠር ካብ ዝተሓተቱ ተጠቀምቲ እቶም 64 ሚኢታዊ ዝኾኑ ኣብ ዝሓለፉ 2ተ ዓመታት ኣብ ኣዋህባ ግልጋሎት ጥዕና ምምሕያሽ ኣሎ ምባሎም ዘበረታትዕ እዩ። እቲ ዝዓበየ ምምሕያሽ ድማ ኣብ ክልል ኦሮምያ ከምዘሎ ዩ።
- ትሕቲ ሲሶ ዝኸውን ነባራይ ገጠር ሸቓቕ ከምዝጥቀም ይገልፅ። እቶም ዝበዝሑ ድማ ብግልጋሎት ሸቓቕ ሙሉእ ንሙሉእ ሕጉሳት ዩም ። ዘፍስስ ሸቓቕ፣ ፅሬትን ሕማቕ ጨናን ብፍላይ ኣብ ኦሮምያ ኣብ ሸቓቕ ህዝቢ ዘለዎም ኣመለኻኽታ ፅቡቕ ንከይኸውን ከም ምኽንያት ኰይኖም ዝቐረቡ ዩም።
- ብሓፈሻ ካብ ከባቢ ገጠር ዝተረኽቡ ሪኢቶታት ከምዘመላኽትዎ ኣብ ዝሓለፉ 2ተ ዓመታት ግልጋሎት ጥዕና እናተመሓየሸ መፂኡ ኣሎ።

## ኣብቲ ፖሊሲ ዝቐረቡ ሓበርቲ ሓሳባት

- ትካላት ጥዕና ካብ መንበሪ ኸባብታት ምርሓቖም ብዝግባእ ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ስለዝኾነ ተወሰኽቲ ጣብያታት ጥዕናን ኬላታት ጥዕናን ኣብ መላእ እዛ ሃገር ክኽፈቱ ምግባር ንፅባሕ ዘይበሃል ጉዳይ ዩ።
- ብዛዕባ ዓብዪ ኣፈላለዩ ዋጋ ኣፋውስ ብዝምልከት ዝተወሃቡ ሪኢቶታት ፖሊሲ መድሓኒት ምርመራ ከምዘድልዮ ዩም ዝሕብሩ።
- ዘተኣማምን ፅሬት ክህሉ ወፍርታት ምክያድን ዘሎ ስርዓት ምምሕያሽን ኣገደስቲ ጉዳያት ዩም።

## ትምህርቲ

- መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ መላእ እዛ ሃገር ዝርከቡ መብዛሕቲኦም ተምሃሮ ዝመሃርስን እዩም።
- መብዛሕቲኦም ተምሃሮ ዝመሃሩለን ኣብያተ ትምህርቲ ካብ መንበሪ ገዛውቶም ኣብ 3 ኪ.ሜ ራሕቒ ይርከባ ። ይኹን ምበር ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ሲሶ ዝኾኑ ተምሃሮ ትምህርቲ ንምርካብ ልዕሊ 5 ኪ.ሜ ይጓዓዙ።

- እቲ መፅናዕቲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝለዓለ ሕፅረት ማይ ከምዘሎ ይሕብር ፡፡ ኣብ ቤት ትምህርቶም ቀረብ ማይ ከምዘሎ ዝዛረቡ እቶም ሲሶ ዝኾኑ ጥራሕ ዮም፡፡
- ኣብቲ መፅናዕቲ መምህራን ብዝግባእ ኣብ ስርሖም ከምዝርከቡ ብዘሐጉስ መልክዑ ተገሊፁ ኣሎ፡፡
- ትምህርቲ ንምርካብ ዘድልይ ወፃኢ ካብ ክፍሊ ክፍሊ ይፈላለ ፡፡ እዙ ተርእዩ ኣብ ስራሕ ውዒሉ ዝርከብ ፖሊሲ ትምህርቲ ክፍተሽ ከምዘለዎ ዘመላኽት እዩ ፡፡ ልዕሊ ሲሶ ዝኾኑ ስድራታት ምምሕዳር እተን ኣብያተ ትምህርቲ ተወሳኺ ክፍሊት ከምዘኽፍሎም እንትገልፁ ካብዚኦም እቶም 17 ሚኢታዊ ዝኾኑ ነቲ ተወሳኺ ክፍሊት ከይፈተው ከምዝኸፍሉ ይዛረቡ ፡፡
- ኣብ ምምሕዳር ኣብያተ ትምህርቲ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ዝለዓለ ዩ፡፡ ይኹን ምበር እቲ ተሳትፎ ዘይስሩዕን በዘፈቀደ ዝግበርን እዩ፡፡ ዋላ ኳ ቁፅሮም ዘይነዓቕ ኣብዚ መፅናዕቲ ዝተሳተፉ ስድራታት ሕብረት መምህራንን ወለድን ምጥያሹ ከምዝፈልጡ እንትገልፁ ኣዝዮም ውሑዳት ዝኾኑ ስድራታት ጥራሕ እዮም ኣባል እቲ ሕብረት ከምዝኾኑ ዝዛረቡ፡፡
- ስድራ ተምሃሮ ኣብ ፅሬት ትምህርትን ስነ-ምግባር መምህራንን ኣመልኪቶም ዝለዓለ ፅግበት ከምዘለዎም እንትገልፁ ህንፃ እተን ኣብያተ ትምህርትን ሽቓቕን ብዝምልከት ብግልባጡ ትሑት ዝኾነ ፅግበት ከምዘለዎም ይሕብሩ ፡፡

## ኣብቲ ፖሊሲ ዝቐረቡ ሓበርቲ ሓሳባት

- እቲ መፅናዕቲ ፅፈት ትምህርቲ ብዝምልከት ኣብ ሞንጐ ክልላት ዝዓበየ ኣፈላለይ ከምዘሎ ይሕብር፡፡
- ዘተኣማምን ቀረብ፣ ፅፈትን መጠንን ማይ ብዝምልከት ድማ ንኣብያተ ትምህርቲ ወሳኒ ዝኾነ ቀረብ ማይ አዐርዩ ክመሓየሽ ከምዘለዎ የመልክት፡፡
- ብተወሳኺ ድማ ንመንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝኽፈል መጠን ወርሓዊ ክፍሊት ኣብ ሞንጐ ኣብያተ ትምህርቲ ዓብዪ ኣፈላላይ ዘለዎ ብምኻኑ ትኹረት ከምዘድልዩን ኣብ ፅፈትን ስነ-ምግባርን ኣብያተ ትምህርቲ ውልቀ ውሳነ ምዕራፍ የድሊ፡፡
- ኣብ ሕብረት ወለድን መምህራን ዘሎ ቁፅሪ ኣባላት ውሑድ ዝኾነሉ ምኽንያት ተፀኒዑ ክንፀር ይግባእ፡፡ ብዘይካ እዚ ካብዚ ሕብረት ብተወሳኺ ተሳትፎ እቲ ሕብረተሰብ ብዝበለፀ ዘዕቢ ኣማራጺ እንተልዩን ውፅኢታዊ እንተኾይኑን ክጠናኸር ይግባእ፡፡

# ግልጋሎት ኤክስቴንሽን ሕርሻ

- ካብ ሞንጐ ዝተፈላለየ ኣታዊ ዝርከበሎም ስራሕቲ ዘራእቲ ምፍራይን ምርባሕ ከፍትን ብዝበለፀ ተጋፊሖም ከምዝርከቡ ተሓቢሩ ኣሎ።
- ሓረስቶት ካብ ፓኬጅ ሕርሻ ሓገዝ ዝረኸቡ ኣብ እዋን ምፍራይ ምህርቲ እንተኸውን ሰብ ሞያ ሕርሻ መንግስቲ ውን እቲ ሓረስታይ ሓበሬታ ክረክብን ሓደሽቲ እታወታት ክጥቀምን ኣብ ምግባር ዝለዓለ ግደ ኣለዎም።
- ፍርያት እቲ ሓረስታይ ዕዳጋ ክረክብን እታወታት ኣብ ምቕራብን ዝወሃብ ሓገዝ ኣዝዩ ትሑት ምዃኑ ድማ ይዝረብ።
- ዋላ ካ መብዛሕቲኦም ሓረስቶት ሰብ ሞያ ሕርሻ መንግስቲ ኣብ ከባቢኦም ከምዘለው እንተገለፁ ነቲ ዝጠልብዎ ግልጋሎት ዘለዎም ቀረቤታ ግና ኣዝዩ ዝነኣሰ እዩ።
- ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾነ ቁጠባ ኣብ ዘለሉ ኩነታት 26 ሚኢታዊ ዝኾኑ ሓረስቶት ጥራሕ እዮም ንመሳለጢ ስራሕቶም ልቓሕ ምርካቦም ዝገለፁ። ልቓሕ ዝርከበለን ትካላት ድማ ኣብ ሞንጐ እተን ክልላት ዝተፈላለየ ዩ። ውሑዳት ሓረስቶት ጥራሕ ዬም ልቓሕ ንምርካብ ናብ ትካላት መንግስቲ ዝኸዱ። ካብዚኦም እቶም ዝበዝሑ ድማ ብዘይ ገለ ገልታዕታዕ ልቓሕ ምርካቦም ይገልፁ።
- ስራሕቲ ዕዳጋ ዋላ 'ኳ ዝተለመደ እንተኾነ ስሩዕ ግና ኣይኮነን። 37.5 ሚኢታዊ ዝኾኑ ኣብቲ መፅናዕቲ ዝተኻተቱ ወገናት ጥራሕ ዬም ንፍርያቶም ዝግባእ ዋጋ ከምዝረኸቡ ዝዛረቡ። ብዛዕባ እዋናዊ ኩነታት ዕዳጋ ዘለዎም ፍልጠት ውን ዝለዓለ እዩ።
- ኣብ ገጠር ካብ ሞንጐ ዝነብሩ ስድራታት 10 ሚኢታዊ ዝኾኑ ብምኽንያት ሕፅረት መግቢ ከይፈተው ናብ ስደት ዘምርሑ እንትኾኑ እዙይ ኣብ ክልል ደቡብ ዝዓበየ ኰይኑ ንረኽቦ።
- ልዕሊ ፍርቂ ዝኾኑ ሓረስቶት ምብራስ ዘራእትን ህልቂት ጥሪትን ከምዘጋጥሞም ይገልፁ።
- ካብ ወኪላት ሕርሻ ዝርከብ ግልጋሎት ኣመልኪቱ ዝቐረበ ሪኢቶታት ከምዘመልክቶ እቶም ዝወሃቡ ግልጋሎታት ጠቐምቲ ፣ እዋናዊን ኣድላይትን እዮም። ይኹን ምበር እዞም ግልጋሎታት እኹላት ዬም ዝበሉ ካብ ጠቕላላ ሕቶ ዝቐረበሎም እቶም 56 ሚኢታዊ ጥራሕ ዬም።
- ዋላ 'ኳ ኣብ ግልጋሎት ኤክስቴንሽን ሕርሻ ዘሎ ዕግበት ትሑት እንተኾነ ኣብ ገጠር ዝርከቡ ሕቶ ዝቐረበሎም ወገናት ኣብ ዝሓለፉ 2ተ ዓመታት ምምሕያሽ ከምዘሎ ሪኢቶኦም የቕርቡ።
- ነቲ ግልጋሎት ንምምሕያሽ ስጉምቲታት ክውሰድ ኣለዎ ብምባል እቶም ሓረስቶት ዝሃብዎ ሪኢቶ ብዝበዝሕ ምስ ምምሕያሽ ዋጋ ዘመናዊ ድኹዒ ዝተተሓሓዘ ዩ።

## ኣብቲ ፖሊሲ ዝቐረቡ ሓበርቲ ሓሳባት

- ሕርሻን ምስ ሕርሻ ዝተተሓሓዙን ስራሕቲ ንምምሕያሽ መነባብሮ ገጠር ወሰንቲ ብምኻኖም ግልጋሎት ኤክስቴንሽን ሕርሻ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ ። እዙ መፅናዕቲ ወኪላት ሕርሻ ቴክኒካዊ ዝኾነ ፍልጠት ነቲ ሓረስታይ ኣብ ምጭባጥን ብትኽክል ኣብ ምርዳእን ልዑል ግደ ይፃወቱ ከምዝለው የረድእ። ብተወሳኺ ድማ እቶም ሰራሕተኛታት ሕርሻ ብዝለፀ ሓረስታይ ናብ ዘለዎ ኩሉ ክዋፈሩ ይግባእ ዝብል ሪኢቶ ኣሎ ።
- ምህርትታት ሕርሻ ዕዳጋ ክረክብን እቲ ሓረስታይ ተጠቃሚ ልቓሕ ክኸውንን ምግባር ትኹረት ዘድልዮም ጉዳያት እዮም ። ብተወሳኺ ድማ ሓረስቶት ንምህርታቶም ዝግባእ ዋጋ ዘይረኽቡ እዩ ዝመስሎም። እዙይ 'ውን ክፍተሽ ኣለዎ።
- ብዝሕ ዝበሉ ሓረስቶት ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዘራእቶምን ጥሪቶምን ብደርቅን ካልኦት ምኽንያታትን ከምዝስእኑ ይዛረቡ። እዙይ ዘርእየና ስርዓት ውሕስና ተዘርጊሑ ተግባራዊ ክኸውን ምግባር ከምዘድሊ ዩ።

## ግልጋሎታትን ክልላት ብኸመይ ይምዘና?

እዙ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ኣብ 4ተ ክልላት /ኣብ 3 ገጠር ክልላትን ሓንቲ ከተማን/ ኣብ ዝርከቡ ንድኻ ዝጠመቱ ወሃብቲ ግልጋሎት ኣመልኪቶም መጠነ ሰፊሕን ትኹረት ዘድልዮምን ተርእዮታት ፈጢሮም እዩም። ኣብ ዝቕፅል ንኡስ ክፍሊ ተጠቃማይ እቶም ግልጋሎታት ንምኻን ዘሎ ክይዲ፣ ኣጠቓቕማ፣ ፅሬት፣ ውሕስና ከምኡ ውን ኣብቶም ግልጋሎት ኣመልኪቱ ተጠቀምቲ ዘለዎም ደረጃ ዕግበት ብቁፅሪ ዝልክዑን ዘይልክዑን መዐቀኒታት ብምጥቃም ነቶም 4 ግልጋሎታት ንምብልላፅ ተፈቲኑ ኣሎ።

## ተጠቃማይ እቶም ግልጋሎታት ንምኻን ዘሎ ዕድል

ኣድለይቲ ዝኾኑ መሰረተ ልምዓታት ምህላዎምን ተጠቃማይ እቶም ግልጋሎታት ንምኻን ዘሎ ኩነታትን ውፅኢት እቶም ወሃብቲ ግልጋሎት ንምፍላጥ ፅቡቕ መርኣያ ክኸውን ይኽእል ዩ። ኣብዚ መፅናዕቲ ነብሲ ወከፍ ሰብ ተጠቃማይ እቶም 4 ግልጋሎታት ዝኾነሉ ክይዲ ወይ ድማ ዕድል ዘርእዩን ዝተመረፁን መመዘንታት እዞም ዝስዕቡ ዩም።

- <u>**ወሃብቲ ግልጋሎታት ጥዕና ዝምልከት**</u> ፦ ትካላት ሕክምና ካብ መንበሪ ኣባይቶም ኣብ ውሽጢ 3 ኪ.ሜ ከምዝረኽቡ ዝገለፁ ቁፅሪ ተሓተቲ ምስ ጠቕላላ ቁፅሪ ተሓተቲ ዘለዎ ብፅሒት
- <u>**ትምህርቲ ቀዳማይ ብርኪ ዝምልከት**</u> ፦ ኣብ ውሽጡ ጣብይኦም ቤት ትምህርቲ ኣሎ ዝበሉ ቁፅሪ ተሓተቲ ምስ ጠቕላላ ቁፅሪ ተሓተቲ ዘለዎ ብፅሒት

- ***ግልጋለት ኤክስቴንሽን ሕርሻ*** :- ኣብ ጣብያና ሰራሕተኛ ኤክስቴንሽን ተመዲቡልና እዩ ዝበሉ ቁፅሪ ተሓተቲ ምስ ጠቕላላ ቁፅሪ ተሓተቲ ዘለዎ ብፅሒት

## ***ተጠቃማይ እቶም ግልጋሎታት ንምኻን ዘሎ ኩነታት***

ካብ መግለፂ ኩነታት ተጠቃማይ እቶም ግልጋሎታት ንምኻን ዘሎ ከይዱ ምርዳእ ከምዝከኣል ዜጋታት ክንደየናይ ዝኣክል ኣብቶም ግልጋሎታት ዝተኣማመኑ ምኻኖም ካብ ምሕባሩ ብተወሳኺ ካብ ወሃብቲ ግልጋሎታት ህዝቢ ብተወሳኺ ካልኦት ኣማራፅታት ከምዘለው ውን መረዳእታ ንምርካብ ይሕግዞም። ኣብ ምጥቃም ግልጋሎታት ዘሎ ኩነታት ንምፍላጥ ድማ እዞም መመዘኒታት ኣብ ጥቕሚ ዊዒሎም ኣለው።

ንሳቶም ውን :-

- ***ዝስተ ማይ*** :- ህዝባዊ ትካላት መከፋፈልቲ ማይ /ካብ ቧንቧ፣ ብኢድ ዝሰርሑ ፓምኘታትን ቧንቧታት ውሽጢ ገዛን /ምስ በዝሒ ተጠቀምቲ -ብሚኢታዊ
- ***ግልጋሎት ጥዕና*** :- በዝሒ ተጠቀምትን ትካላት ጥዕና ህዝቢን -ብሚኢታዊ
- ***ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ*** :- ተዝሒ ተጠቀምቲ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ -ብሚኢታዊ
- ***ግልጋሎት ኤክስቴንሽን ሕርሻ*** :-ብመምርሒ ሕርሻ ዝወሃቡ ግልጋሎታት ኤክስቴንሽን ተጠቀምቲ ዝኾኑ በዝሒ ቁፅሪ ስድራቤታት ምስ ጠቕላላ በዝሒ ቁፅሪ ስድራቤታት ዘለዎ ብፅሒት

## ***ፅፈት ወሃብቲ ግልጋሎት ህዝቢ***

ደረጃ ፅፈት ወሃብቲ ግልጋሎታት ህዝቢ ንምፍላጥ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ብኣግባቡ ዝተቐመጡ ዝተፈላለዩ ቴክኒካዊ መመዘንታት ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉ። ንኣብነት ፍልፍል ማይ ከርሰ ምድሪ ንምፍላጥ ብካሎሪ ከም ወዱ ዝልካዕ ወይ ድማ ተመሃሮ ቀዳማይ ብርኪ ዘለዎም ዝንባለ ንምፍላጥ ፈተነ ከም ወዱ ዝወሃብ ሜላታት ፈተነ መረጋገፂ እዩም።

እዞም ሜላታት ፅፈት ሓደ ወሃባይ ግልጋሎት ዝልክዕ ብመንፅር እቶም ግልጋሎታት ደኣምበር ብመንፅር እቶም ተጠቀምቲ ኣይኮነን። ከምዚ ዝዓይነቱ ሜላ መመዘኒ ምጥቃም ብስፍሓት ዝተለመደ እዩ። ይኹን ምበር ግልጋሎት ሓደ ትካል ብመንፅር ተጠቀምቲ ኣብ ንርእየሉ እዋን እቲ ሓቂ ዝተፈለየ እዩ። ንኣብነት ቁፅሮም ውሑድ ዘይኮነ ብዙሓት ተጠቀምቲ ሓደ ግልጋሎት ከይተቋረፀ ንነዊሕ እዋን ምፅንሑ ፅፈቱ ዝምዝንሉ ኣጋጣሚ ዩ። ትንተነ እዚ መፅናዕቲ ንምስላጥ ተባሂሉ እዞም ዝስዕቡ መርኣያ ፅፈት ዝኾኑ ረቋሕታት ብመንፅር ተጠቀምቲ ተርእዬም ከም ሓበርቲ መመዘንታት ተገይሮም ተቐሚጦም ኣለው ።

- **ዝስተ ማይ** ፡- ንነዊሕ እዋን ከይተቋረፀ ዝፀንሕ እኹል ዝኾነ ግልጋሎት ማይ ንረክብ ኢና ብምባል ዝተዛረቡ ቁፅሪ ተሓተቲ ምስ ጠቕላላ በዝሒ ቁፅሪ ተሓተቲ ዘለዎ ብፅሒት
- **ግልጋሎት ጥዕና** ፡- ካብ መንግስታዊ ትካላት ጥዕና ኣፋውስ ወሲድና ጥዕና ረኺብና ኢና ኢሎም ዝተዛረቡ ቁፅሪ ተሓተቲ ምስ ጠቕላላ በዝሒ ቁፅሪ ተሓተቲ ዘለዎ ብፅሒት
- **ግልጋሎት ኤክስቴንሽን ሕርሻ** ፡- ብወኪላት ሕርሻ ኣቢሉ ዝወሃብ ግልጋሎት እኹል ፣ እዋናዊን ኣድላይን እዩ ኢሎም ዝተዛረቡ ቁፅሪ ተሓተቲ ምስ ጠቕላላ በዝሒ ቁፅሪ ተሓተቲ ዘለዎ ብፅሒት

## ኩነታት ዕግበት ኣብ ልዕሊ ወሃብቲ ግልጋሎታት መንግስቲ

ዕግበት ዝብል ቃል ተጠቀምቲ ብዛዕባ ትግባረ እቶም ግልጋሎታት ንዘለዎም ግምገማ ይውክል ። እዚ መፅናዕቲ ንፅፈት እቶም ግልጋሎታት ትኹረት ንምሃብ ኮነ ተባሂሉ ብመሰረት ዝተሓንፀፀ ሜላ እቶም ሕቶ ዝቐረበሎም ወገናት ኣብ ዝተፈላለዩ ወሃብቲ ግልጋሎታት ኣመልኪቶም ዝሃብዎ ሓፈሻዊ መጠን ዕግበት ድምሩ ዘቕረበ እንተኾነ ንረብሓ ትንተና ዝዋዓሉ ውፅኢታታት ኩሎም ሙሉእ ብሙሉእ በቲ ግልጋሎት ንምዕጋበም ዘመላኽቱ ዮም ።

ንምደባ ደረጃ ተባሂሉ ንነብሲ ወከፍ ግልጋሎት ዝዓበየ ትኹረት ተገይሩሎም ዝተመዝገቡ ሓፈሻዊ ድማራት ተቐሚጦም ኣለው ።

- ደረጃ ምደባ እቶም ዘፈራት ከምዝሕብሮ ግልጋሎት ትምህርቲ ቀዳምነት እንትሕዝ፣ ግልጋሎት ኤክስቴንሽን ሕርሻ 2ይ፣ ግልጋሎት ጥዕና 3ይ ፣ ግልጋሎት ዝስተ ማይ ድማ 4ይ ደረጃ ሒዞም ይርከቡ ።
- ደረጃ ምደባ ክልላት ከምዝሕብሮ ድማ ትግራይ ቀዳመይቲ፣ ኦሮምያ 2ይቲ ክልል ደቡብ ድማ 3ይቲ ደረጃ ሒዘን ይርከባ ።

## ሰደቓታት :-

**2ይ ሰደቓ:-** ኣብ ልዕሊ ቀረብ ዝስተ ማይ ዘሎ ኩነታት ዕግበት ዜጋታት ምስ ፍልፍል እቲ ማይ እንትነፃፀር

/ኩሎም ቁፅርታት ብሚኢታዊ ዩም ተቐሚጦም/

| ፍልፍል | ደረጃ ዕግበት | ትግራይ | ኦሮሚያ | ሕ/ደቡብ | ገጠር ሓፈሻዊ | ድሬዳዋ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ሩባ | ሙሉእ ብሙሉእ | 49.3 | 54.4 | 36.8 | 45.9 | |
| | ብክፋል | 9.7 | 34.9 | 31.6 | 30.0 | |
| | ኣይዓገብኩን | 41.1 | 13.8 | 31.6 | 24.1 | |
| ምዕባይ ፍልፍላት ማይ | ሙሉእ ብሙሉእ | 33.3 | 54.1 | 31.8 | 51.9 | |
| | ብክፋል | 33.3 | 22.1 | 40.9 | 23.8 | |
| | ኣይዓገብኩን | 33.3 | 23.8 | 27.3 | 24.3 | |
| ዘይዓብዩ ፍልፍላት ማይ | ሙሉእ ብሙሉእ | 59.7 | 50.6 | 41.7 | 51.4 | |
| | ብክፋል | 10.6 | 16.7 | 33.3 | 16.5 | |
| | ኣይዓገብኩን | 29.6 | 32.7 | 25.0 | 32.1 | |
| ዒላታት | ሙሉእ ብሙሉእ | 0.0 | 16.1 | 6.9 | 10.5 | |
| | ብክፋል | 33.3 | 16.1 | 73.0 | 50.0 | |
| | ኣይዓገብኩን | 66.7 | 67.7 | 20.1 | 39.5 | |
| ዝተኸደኑ ብኢድ ዝሰርሖ ቧንቧታት | ሙሉእ ብሙሉእ | 33.3 | 50.0 | 0.0 | 37.0 | |
| | ብክፋል | 0.0 | 5.0 | 45.5 | 15.2 | |
| | ኣይዓገብኩን | 66.7 | 45.0 | 54.5 | 47.8 | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ዘይተኸድኑ ብኢድ ዝስርሑ ቧንቧታት | ሙሉእ ብሙሉእ | 100.0 | 42.9 | 5.5 | 11.6 | |
| | ብክፋል | 0.0 | 0.0 | 52.1 | 44.2 | |
| | ኣይዓገበኩን | 0.0 | 57.1 | 42.5 | 44.2 | |
| ህዝባዊ መከፋፈሊ ማይ | ሙሉእ ብሙሉእ | 88.0 | 73.3 | 21.7 | 59.3 | 58.2 |
| | ብክፋል | 9.0 | 16.0 | 71.0 | 31.9 | 30.6 |
| | ኣይዓገበኩን | 3.0 | 10.7 | 7.2 | 8.8 | 11.2 |
| ህዝባዊ ዝኾኑ ብኢድ ዝስርሑ ቧንቧታት | ሙሉእ ብሙሉእ | 64.3 | 40.0 | 13.8 | 50.0 | |
| | ብክፋል | 8.0 | 60.0 | 62.1 | 25.4 | |
| | ኣይዓገበኩን | 27.6 | 0.0 | 24.1 | 24.6 | |
| ጎዳጉዲ | ሙሉእ ብሙሉእ | 64.3 | | | | |
| | ብክፋል | 8.0 | | | | |
| | ኣይዓገበኩን | 27.6 | | | | |
| ካብ ሽየጥቲ ማይ ዝተዓደገ | ሙሉእ ብሙሉእ | | 100.0 | | 66.7 | 42.2 |
| | ብክፋል | | | 100.0 | 33.3 | 30.2 |
| | ኣይዓገበኩን | | | | 0.0 | 27.6 |
| ካብ ቡንቧታት ውሽጢ ገዛ | ሙሉእ ብሙሉእ | | 100.0 | 33.3 | 60.0 | 79.7 |
| | ብክፋል | | | 33.3 | 20.0 | 14.2 |
| | ኣይዓገበኩን | | | 33.3 | 20.0 | 6.1 |

**3ይ ሰደቓ:-** ኣብ ልዕሊ ቀረብ ዝስተ ማይ ዘሎ ኩነታት ዕግበት ዜጋታት ምስ ፍልፍል እቲ ማይ እንትነፃር

/ኩሎም ቁፅርታት ብሚኢታዊ ዬም ተቐሚጦም/

| ፍልፍል | ደረጃ ዕግበት | ትግራይ | ኦሮሚያ | ሕ/ደቡብ | ገጠር ሓፈሻዊ | ድሬዳዋ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ሩባ | ሙሉእ ብሙሉእ | 14.0 | 26.9 | 17.2 | 21.4 | |
| | ብክፋል | 10.6 | 4.8 | 3.7 | 5.4 | |
| | ኣይዓገብኩን | 75.4 | 68.3 | 79.1 | 73.2 | |
| ምዕባይ ፍልፍላት ማይ | ሙሉእ ብሙሉእ | 90.0 | 60.3 | 54.5 | 60.1 | |
| | ብክፋል | | 6.6 | 9.1 | 6.9 | |
| | ኣይዓገብኩን | 10.0 | 33.1 | 36.4 | 33.0 | |
| ዘይዓብዩ ፍልፍላት ማይ | ሙሉእ ብሙሉእ | 27.8 | 24.4 | 16.7 | 24.4 | |
| | ብክፋል | 7.9 | 4.5 | 16.7 | 5.3 | |
| | ኣይዓገብኩን | 64.4 | 71.1 | 66.7 | 70.3 | |
| ዒላታት | ሙሉእ ብሙሉእ | 16.9 | 1.3 | 7.6 | | |
| | ብክፋል | 33.3 | 5.1 | 0.6 | 2.3 | |
| | ኣይዓገብኩን | 66.7 | 78.0 | 98.1 | 90.1 | |
| ዝተኸደኑ ብኢድ ዝሰርሑ ቧንቧታት | ሙሉእ ብሙሉእ | 33.3 | 95.0 | 18.2 | 76.1 | |
| | ብክፋል | | 0.0 | 9.1 | 2.2 | |
| | ኣይዓገብኩን | 66.7 | 5.0 | 72.7 | 21.7 | |
| ዘይተኸድኑ ብኢድ ዝስርሑ ቧንቧታት | ሙሉእ ብሙሉእ | 66.7 | 16.7 | 1.4 | 3.6 | |
| | ብክፋል | 33.3 | 16.7 | 4.1 | 6.0 | |
| | ኣይዓገብኩን | | 66.7 | 94.5 | 90.5 | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ህዝባዊ መከፋፈሊ ማይ | ሙሉእ ብሙሉእ | 91.0 | 90.7 | 94.2 | 91.6 | 96.9 |
| | ብክፋል | 4.0 | 6.7 | 1.4 | 4.9 | 1.0 |
| | ኣይዓገብኩን | 5.0 | 2.7 | 4.3 | 3.5 | 2.0 |
| ህዝባዊ ዝኾነ ብኢድ ዝስርሑ ቧንቧታት | ሙሉእ ብሙሉእ | 80.1 | | 86.2 | 77.0 | |
| | ብክፋል | 5.9 | 50.0 | 6.9 | 8.8 | |
| | ኣይዓገብኩን | 14.0 | 50.0 | 6.9 | 14.2 | |
| ጎዳጉዲ | ሙሉእ ብሙሉእ | | | | 0.0 | |
| | ብክፋል | | | | 0.0 | |
| | ኣይዓገብኩን | 100.0 | | | 100.0 | |
| ካብ ሽየጥቲ ማይ ዝተዓደገ | ሙሉእ ብሙሉእ | 100.0 | 100.0 | 100.0 | 89.5 | |
| | ብክፋል | | | | 0.0 | 5.7 |
| | ኣይዓገብኩን | | | | 0.0 | 4.8 |
| ካብ ቡንቧታት ውሽጢ ገዛ | ሙሉእ ብሙሉእ | | 100.0 | 100.0 | 100.0 | 96.2 |
| | ብክፋል | | | 0.0 | 0.0 | 2.8 |
| | ኣይዓገብኩን | | | 0.0 | 0.0 | 0.9 |

**4ይ ሰደቓ** :- ዜጋታት ኣብ ልዕሊ ወሃብቲ ግልጋሎት ጥዕና ዘለዎም ደረጃ ዕግበት ብመንፅር ክልላት /እቶም ቁፅርታት ብሚኢታዊ ዝተቐመጠ ዩ/

| | ደረጃ ዕግበት | ትግራይ | ኦሮሚያ | ደቡብ | ጠ/ድምር | ድሬዳዋ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ግልጋሎት ንምርካብ ዝውድእ ግዘ | ሙሉእ ብሙሉእ | 78.5 | 53.8 | 57.3 | 56.7 | 62.8 |
| | ብክፋል | 11.0 | 36.3 | 23.6 | 35.8 | 22.2 |
| | ኣይዓገብኩን | 10.5 | 9.9 | 19.1 | 11.8 | 15.0 |
| ስነ-ምግባር ሰራሕተኛታት ሕክምና/ዶኳትር/ | ሙሉእ ብሙሉእ | 79.5 | 55.5 | 57.7 | 58.1 | 59.9 |
| | ብክፋል | 9.1 | 35.2 | 23.2 | 30.4 | 27.1 |
| | ኣይዓገብኩን | 11.4 | 9.3 | 19.1 | 11.5 | 13.0 |
| ሓገዝ ሰራሕተኛታት ጥዕና | ሙሉእ ብሙሉእ | 67.3 | 53.0 | 67.1 | 57.0 | 59.5 |
| | ብክፋል | 22.4 | 36.7 | 26.4 | 33.5 | 24.7 |
| | ኣይዓገብኩን | 10.3 | 10.3 | 6.5 | 9.5 | 15.8 |
| ሓፈሻዊ ዕግበት | ሙሉእ ብሙሉእ | 54.2 | 49.6 | 46.4 | 49.3 | 46.6 |
| | ብክፋል | 31.3 | 34.8 | 33.7 | 34.3 | 12.9 |
| | ኣይዓገብኩን | 14.5 | 15.6 | 19.9 | 16.4 | 40.5 |
| **እቲ ዝተሓተ /ቁፅሪ/** | | **419** | **506** | **246** | **1171** | **247** |

**5ይ ሰደቓ:-** ኣብ ልዕሊ ግልጋሎት ፅሬት ዜጋታት ዘለዎም ደጃ ዕግበት

| | ትግራይ | ኦሮምያ | ደቡብ | ጠ/ድምር | ድሬዳዋ |
|---|---|---|---|---|---|
| ሙሉእ ብሙሉእ | 57.6 | 45.0 | 4.8 | 46.7 | 25.8 |
| ብክፋል | 25.6 | 21.6 | 23.3 | 22.6 | 13.9 |
| ኣይዓገብኩን | 16.8 | 33.4 | 31.9 | 30.7 | 60.3 |
| ብዝሒ ተሓተቲ | 833 | 569 | 417 | 1819 | 589 |

6ይ ሰደቓ:- ኣብ ኣዋህባ ግልጋሎተ ኣብያተ ትምህርቲ ዘሎ ዕግበት ዜጋታት

| | ደረጃ ዕግበት | ትግራይ | ኦሮምያ | ደቡብ | ጠ /ድምር | ድሬዳዋ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ዕፊት ትምህርቲ | ሙሉእ ብሙሉእ | 86.5 | 67.8 | 75.3 | 69.6 | 76.0 |
| | ብክፋል | 11.1 | 27.1 | 19.7 | 25.4 | 11.0 |
| | ኣይዓገብኩን | 2.4 | 5.1 | 5.0 | 5.0 | 12.4 |
| ህንፃ ኣብያተ ምህርቲ | ሙሉእ ብሙሉእ | 67.5 | 51.2 | 58.4 | 53.9 | 80.4 |
| | ብክፋል | 23.1 | 23.9 | 20.0 | 23.2 | 9.6 |
| | ኣይዓገብኩን | 9.4 | 24.9 | 21.6 | 23.0 | 10.0 |
| ሸቓቕ | ሙሉእ ብሙሉእ | 49.2 | 58.3 | 75.3 | 60.5 | 69.2 |
| | ብክፋል | 13.7 | 29.9 | 14.7 | 25.7 | 12.4 |
| | ኣይዓገብኩን | 37.8 | 11.9 | 10.0 | 13.8 | 18.4 |
| ስነ-ምግባር ምህራን | ሙሉእ ብሙሉእ | 90.4 | 70.6 | 78.1 | 73.0 | 73.2 |
| | ብክፋል | 8.0 | 25.1 | 16.3 | 22.4 | 16.0 |
| | ኣይዓገብኩን | 1.7 | 4.4 | 5.6 | 4.6 | 10.8 |
| ሓፈሻዊ ኩነታት ዕግበት | ሙሉእ ብሙሉእ | 41.2 | 59.3 | 55.6 | 53.9 | 71.6 |
| | ብክፋል | 53.3 | 35.2 | 41.3 | 36.2 | 13.6 |
| | ኣይዓገብኩን | 5.5 | 5.4 | 3.1 | 4.8 | 14.8 |
| **ሓፈሻዊ ተሓተቲ** | | **415** | **690** | **320** | **1425** | **250** |

**7ይ ሰደቓ** :- ኣብ ልዕሊ ግልጋሎት ኤክስቴንሽን ሕርሻ ዜጋታት ዘለዎም ደረጃ ዕግበት /ብሚኢታዊ/

| | ቁፅሪ | ሙሉእ ብሙሉእ | ብክፋል | ኣይዓግብኩን |
|---|---|---|---|---|
| ትግራይ | 835 | 41.6 | 40.4 | 18.0 |
| ኦሮምያ | 1187 | 24.3 | 30.7 | 44.9 |
| ደቡብ | 584 | 7.9 | 26.2 | 65.9 |
| ጠ/ቁፅሪ ተሓተቲ | 2957 | 22.3 | 30.6 | 47.1 |

8ይ ሰደቓ :- ወሃብቲ ግልጋሎት ኣብ ክልላት ዘለዎም ዝርገሐ

| | ትግራይ | ደረጃ | ኦሮሚያ | ደረጃ | ደቡብ | ደረጃ | ጠ/ድምር | ሓፈሻዊ ደረጃ ግልጋሎት |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዝስተ ማይ | 54.0 | 4 | 51.2 | 4 | 38.4 | 4 | 47.3 | 4 |
| ጥዕና | 65.5 | 3 | 55.5 | 3 | 58.0 | 2 | 57.4 | 3 |
| ትምህርቲ | 72.0 | 2 | 76.6 | 1 | 73.5 | 1 | 75.4 | 1 |
| ሕርሻ | 78.0 | 1 | 66.8 | 2 | 51.6 | 3 | 63.0 | 2 |

9ይ ሰደቓ :- ክልላት አብተን ግልጋሎት ዘለወን ብፅሒት እንትልካዕ ድማር ሓፈሻዊ ውፅኢት /ብሚኢታዊ/

| | ዝስተ ማይ | ደረጃ | ጥዕና | ደረጃ | ትምህርቲ | ደረጃ | ሕርሻ | ደረጃ | ደረጃ ሓፈሻዊ ድማር | ሓፈሻዊ ደረጃ ክልላት |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ትግራይ | 54.0 | 1 | 65.5 | 1 | 72.0 | 3 | 78.0 | 1 | 6.0 | 1 |
| ኦሮሚያ | 51.2 | 2 | 55.5 | 3 | 76.6 | 1 | 66.8 | 2 | 8.0 | 2 |
| ደቡብ | 38.4 | 3ክ | 58.0 | 2 | 73.5 | 2 | 51.6 | 3 | 10.0 | 3 |

# ፓቨርቲ ኣክሽን ኔትወርክ ኦፍ ሲቪል-ሶሳይቲ ኢን ኢትዮጵያ /ፓኔኢ/

ፓቨርቲ ኣክሽን ኔትዎርክ ኦፍ ሲቪል ሶሳይቲ ኢን ኢትዮጵያ /ፓኔኢ/ኣብ ኢትዮጵያ ቁፅሮም ልዕሊ 70 ዝኾኑ ማሕበራት ሓፋሽ/CSOs/ ተጣሚሮም ዝፈጠርዎ እንትኾን ድኽነት ንምንካይ ኣብ ዝሕንፀፁ ፖሊሲታት ዝረአን ጭቡጥን ግደ ብምፍፃም ብፍላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝሓንፀፆ ሰነድ ምንካይ ድኽነትን ሽቶታት ልምዓት እዚ ምእተ ዓመትን ውፅኢታዊ ንክኾኑ ብምሕጋዙ ይፍለጥ፡፡

እዞም ሃገራውን ዓለም-ለኻውን ሽቶታት ልምዓት ንምዕዋት ብቀንዱ መፅናዕትታት መሰረት ዝገበሩ ትንተናታት ፖሊሲ፣ለውጢ-ተኮር ምብርባርን ልውውጥ መረዳእታን የሳልጥ፡፡ ፓኔኢ ንመሰል ዜጋታት ማእኸል ገይሩ ዜጋታት መፃኢ ዕድሎም ክውስኑ፣ ኣብ ምስንዳእ ትልምታት ልምዓት፣ ኣፈፃፅማ፣ ከይዲ ክትትልን ግምገማን እኹል ተሳትፎ ክገብሩን ድምፂ ድኻታት ብሓንፀፅቲ ፖሊሲ ክስማዕን መንግስቲ ኮነ ካልኦት ተሓገዝቲ ልምዓት በቶም ድኻታት ተሓተቲ ኮይኖም ምርኣይን ዝብል ራእይ ዝተሓንገጠ 'ዩ ፡፡

ኣባላት እቲ ጥምረት ሃገር-ለኸን ዓለም-ለኸን ትካላት ሓገዝ ፣ ጥምረት ዘይመንግስታዊ ትካላት፣ ሃይማኖታዊ ትካላት፣ ማሕበራት መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን፣ ትካላት መካነ-መፅናዕቲ ከምኡ'ውን ካልኦት ማሕበራዊ ትካላትን ዘካተተ እዩ፡፡ ብዘይካ እዚ ፓኔኢ ንልእኽትኡ ዘፈፅሙ መሰል ትካላት 'ውን ኣብበየክልሉ ኣጣይሹ ኣሎ፡፡

ፓኔኢ ምሕንፃፅ ሰነድ ምንካይ ድኽነት ኢትዮጵያ ትኹረት ኣብ ዝረኸበሉን ዝተፈላለያ ማሕበራት ሓፋሽ ኣብ ምስንዳእ እቲ ሰነድ ዝእጀመን ክገብራ ኣጋጣሚ ኣብ ተፈጠረሉን እዋን ኮይኑ ግብረ ሓይሊ ዘይመንግስታዊ ትካላት ንምንካይ ድኽነት ኣብ 2001 ዓ.ም.ፈ ምጥያሹ ሲዒቡ ዝተፈጠረ'ዩ፡፡ እቲ ግብረ ሓይሊ ብዙሓት ኣባላት እናሓቖፈ ብምኻዱ ዝተወሃቦ ሓላፍነት ብዝግባእ ክፍፅም ኢሉ'ውን ኣባላቱ ዝግባእ ብፅሒት ክህልዎም ብምዕላም እቲ ግብረ ሓይሊ ከም ብሓዱሽ ብምጥያሽ ፓኔኢ ንምኻን በቒዑ፡፡ ፓኔኢ ክሳብ ሕዚ ኣብ ዘሎ ምንቅስቓሱ ሽቶታት ልምዓት እዚ ምእተ ዓመት ጋህዲ ኣብ ምግባር ውፅኢት ኣምፂኡ ኣሎ፡፡ ብዘይካ እዚ ትግበራ ቀዳማይ ምዕራፍ መደብ ምንካይ ድኽነት ኣመልኪቱ ኣብ ዝቐረበ ፀብፃብ ሃናፃይ ሪኢትኡ ብምሃብ ከምኡ'ውን ነቲ ትልሚ ቀፀልቲ 5ተ ዓመታት ዝሸውን ሓሳባት ብምቕራብን ማሕበራት ሓፋሽ ተሳትፎአን ከዕዝዛ ብምግባርን ዝለዓለ ግደ ተፃዊቱ እዩ፡፡ ብቀፃልነት 'ውን ኣብ ከይዲ ኣፈፃፅማን ክትትልን ኣባላቱ ብዝግባእ ክሳተፉ ዝእጃሙ ክገብር እዩ፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ፓኔኢ ኣብዛ ሃገር ብዓይነቱ ፈላማይ ዝኾነ ቅጥዒ መተኣኻኸቢ ሪኢቶ ዜጋታት ብምዝርጋሕን መፅናዕቲ ዳህሳስ ብምክያድን ኣብ ትግበራ መደብ ምንካይ ድኽነት ፅቡቕ ባይታ ክህሉ ገይሩ'ዩ፡፡ እቲ መፅናዕቲ ዳህሳስ ቁልፊ ኣብ ዝኾኑ ፖሊሲታትን ወሃብቲ ግልጋሎታትን ዜጋታት ዘለዎም ሪኢቶ ስርዓት ብዘለዎ መገዲ ዘቕርብሉ መገዲ ዘመቻቹ እዩ፡፡ እዙ ሜላ እዚ ኣብ ሞንጐ ቀረብን ተጠቀምትን ዘሎ ድሌት መሰረት ብምግባር ክውሰዱ ዝግበኦም ስጉምትታት ብምንፃር ንሓንፀፅቲ ፖሊሲታት ኣንፈት ዝሕብር ኮይኑ ከም 'ውን ውፅኢታውነት ሰራሕተኛታት ወሃብቲ ግልጋሎት ንምምዛን ዘኽእል መገዲ'ውን ይፈጥር፡፡

ፓኔኢ ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ መሰረት ብምግባር ኣብ እዋን ምስንዳእ መደብ ቅልጡፍን ዘላቕን ትልሚ ልምዓት ንምንካይ ድኽነት /ቅዘትልምድ/ እቶም ዝተረኽቡ ርኢቶታት ንመንግስቲ ኣቕሪቡ ኣሎ፡፡ እቲ ፈላማይ ብርኪ መፅናዕቲ ድማ ሃናፃይን ኣዎንታውን ዝኾኑ መረዳእታታት ምእካብ ዘኽእል ሜላ ብምሕባር ኣብ ምዕዋት እቲ መደብ ዝዓበየ ግደ ክህልዎ እዩ ኢልና ንኣምን፡፡